ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.313 ሰንበት 31 ኑሓሰ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዝኽሪ መስከረም
ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዶብሓ



ገጽ 4
ጽልዋ ከሚካላት ኣብ ጥዕናን ደቂ-ሰብን ኣከባብን



ገጽ 5



እቲ ካልእ ገድሊ ንናጽነት!

ገጽ 8
ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ክለብ ደንደን...



# ቅነ ውዳብ ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገራዊ ክብርታት ዕዙዝ ግደ ከምዘለዎ ተገሊጹ

ቅነ ውዳብ ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ኣብ ምህናጽን ምኽሳኻስን ሃገራዊ ክብርታት ዕዙዝ ግደ ከምዘለዎ፡ ኣቦመንበር ኣወሃሃዲት ኮሚተ ናይ'ቲ ብደረጃ ሃገር ኣብ ከተማ ከረን ዝቃንዕ ዘሎ ቅነ - መንእሰይ ሸሻይ ሓይለኣብ ገሊጹ።

መንእሰይ ሸሻይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ውዳብ ቀያሕቲ ዕንባባ መሰረት ናይ'ቲ ካልእ ሃገራዊ ውዳባት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ቅነ - ኣባላት ሓድሕዶም ተመክሮ ዝለዋወጡሉ፣ ምስ ጸጋታት ብሄራት ዝላለዩሉ፣ ከምኡ'ውን ብሃገራዊ ክብርታት ዝኽስከሱሉ ኣገዳሲ መድረኽ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣብ'ዚ "ቅኒትና ንጹብራቕ ክብርታትና" ብዝብል ቴማ ክሳብ 5 መስከረም ዝቕጽል ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ቅነ፡ ዞባታት ሓያሎትን ድምጻዊ ሰውራዊ መዛሙር፣ ትልሂታት፣ ከምኡ'ውን ግጥምታት ሓዚን ቀሪቦን ከምዝለዋ ድማ ኣፊሩ።

"እዚ መድረኽ ኪና ውድድር ዘይኮነስ ዕላማዩ ዘለዎ" ዝበለ መንእሰይ ሸሻይ፡ ንዝቐርብ ስነጥበባዊ ፍርያት ብመልክዕ ቪድዮ ብምስናድ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ኣብ ምልላይን ምኽሳኻስን ሓያሎ ወለዶታት ክሰርሓሉ ምዃኑ ኣገንዚቡ።



እዚ ከምዚ'ሉ እንክሎ፡ ብ27 ኑሓሰ ንተሳተፍቲ ቅነ ውዳብታት ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ኣብ ታሪኽ ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ኣገዳሲ መዝሙር ኣብ ምህናጽ መንነት፣ ከምኡ'ውን ድሕረባይታ ትልሂት ብሄራት ኤርትራ ዘዘኩረ ኣስተምህሮ ብክኢላታት ተዋሂቡ።

ብሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ብደረጃ ሃገር ዝዘወደበ ቀዳማይ ቅነ ውዳብታት ቀያሕቲ ዕንባባ ኤርትራ፡ ብ26 ኑሓሰ ኣብ ከረን ከምእተኸፍተ ዝዝከር'ዩ።

# ማእከል - ኣብ ኣመሃህራ ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ ዘተኰረ ስልጠና ተዋሂቡ



ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ "ምኽሳኻስ ኤርትራዊ ሸውሃት ኣብ ቊጽሪ" ብዝብል ቴማ ን262 ናይ ማእከላይ ደረጃ መምህራን፡ ኣብ ኣመሃህራ ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ ዘተኰረ ስልጠና ወዲቡ።

እዚ ካብ 27 ኑሓሰ ክሳብ 6 መስከረም ዝወሃብ ዘሎ ስልጠና፡ ኣብ ኣመሃህራ ቁጽሪ ዘተኰረ ኩይኑ፡ ተዛማዲ ዓውድታት ከምዝጠቓልል ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ኣሃዱ ወጥንን ስልጠናን መምህር ማቲዎስ ስብሃትልኣብ፡ እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓመት-መጸ ኣብ እዋን ክረምቲ ዝውደብ ስልጠናታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ጠንቂ ትሑት ተገዳስነትን ወጽኢትን ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ ብምልላይ ንምምሕያሹ ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጹ።

መምህር ማቲዎስ ኣብ መወዳእታ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ግብሪ ብምትርጓም፡ ኣብ ኣመሃህራ ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ ምምሕያሽ ንምምጻእ ብንጥፈት ክዋስኡ ተማሕጺኑ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንልዕሊ 700 ናይ መባእታ መምህራን ኣብ ኣስመራ፣ ንናይ ካልኣይ ደረጃ መምህራን ድማ ኣብ እምባትካላ ናይ ክልተ ሰሙን ስልጠናታት ተዋሂቡ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።

# መንደፈራ - ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ዘጋጥም ጸገማት ንምእላይ ዓውደ-ዘተ ኣካዪዱ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘጋጥም ጸገማት ኣለሊኻ ንምእላይ ዝሕግዝ ዓውደ-ዘተ፡ ብ27 ኑሓሰ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ዓበይቲ ዓዲን ኮሚተ ወለዲን ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ፡ ኲነታት ዝሓለፈ 10 ዓመታትን ዘጋጠመ ብደሆታትን ብመልክዕ ጸብጻብ ክቐርብ ከሎ፡ ዝተራእየ ድኽመታት ንምምሕያሽ ክትግበሩ ብዝኽእሉ ዘለዎም መደባት ኣብ ዝቐረበ እማመ ተዘቲዩ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ መምህር ብላለ ኣርኣያ ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምሕያል ሓባራዊ ጻዕሪ ከምዝሓትት ብምጥቃስ፡ ዕላማ'ቲ ዓውደ-ዘተ ጠንቅታት ትሑት ወጽኢት ኣለሊኻ ንምፍዋስ ከምዝኾነ ኣብሪሃ።

ኣባርክቶ ህዝቢ ኣብ ምምላእ ሕጽረታት ኣብያተ-ትምህርቲ ዝምስገን ምዃኑ ብምሕባር ድማ፡ ትሑት ተገዳስነትን ጠንቅታት ምቁራጽን ኣለሊኻ ንምፍዋሱ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ብሓላፍነታዊ መንገዲ ክሰርሓ ከምዝግብኦ ኣስሚራትሉ።

ተሳተፍቲ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ኣብ ዝሕግዝ ሃዕቢታት ድሕሪ ዘቕረብዎ ዘተ፡ ብሉጻት ተመሃሮን መምህራንን ምትብባዕ፣ ንዘድልዮም ተመሃሮ ደገፍ ምግባር፣ ዓቕሚ መምህራን ብስልጠናታት ምዕባይ፣ ስሉሳዊ ዝምድና ምሕያል፣ ከምኡ'ውን ኣባርክቶ ኮም ምድንፋዕ ቀዳምነት ሂቦም ክሰርሑሎም ዝግብኦም ረቛሒታት ምዃኖም ገሊጾም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ብወገኑ፡ ብሉጻት ተመሃሮይ ንምፍራይ ኣብያተ-ትምህርቲ ብሓፈሻ መምህራን ከኣ ብፍላይ ብትግሃት ክዩዱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዘቅያስ ወልዳይ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዝቐደድ ዘሎ ጻዕሪ ፍረ ንኽረክብ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ተወሃሂዱ ክሰርሕ ተላብዩ።

# ሞልቖ - ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ንምድንፋዕ ክስራሕ ጻውዒት ቀሪቡ

ንኡስ ዞባ ሞልቖ ንምርባሕ ንህቢ ምቹእ ስለዝኾነ፡ ኣቲ ብወሰኑ ደረጃን ያታዊ ኣገባብን ዝቐደደ ዘሎ ንጥፈታት ንምድንፋዕ ብዕቱብ ክስራሕ፡ ክኢላታት ሕርሻ ጸዊዖም።

ምሽት ዓውዲ ቅርበት ዘለዎም ክኢላታትን ሓለፍቲ ሕርሻን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዘሎ ዓይነት ገረብን ክሊማን ንምርባሕ ንህቢ ምቹእ ስለዝኾነ፡ ዕለታቶም ሓዚም ካብ ዝተፈላለዩ ክበባታት ዝኸዩ ኣርባሕቲ ንህቢ እውታዊ ጸልዋ ፈጢሮም ከምዝለዉ፡ ብምሕባር፡ ሓረስቶት ገዲ-ገዲ'ቲ ካልእ ንጥፈታቶም ከዘውትርዎ ተማሕጺኖም።

ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዓመት ምሉእ ዝዕንብብ ኣግራብን ኣትክልቲ መሮርን ስለዘሎ፡ ምርባሕ ንህቢ ኣተባቢዒ ክነሱ ዛጊት ከም'ቲ ዝድለ ኸይኑ ከምዘይርአየ ዝሓበረ ሓላፊ ሕርሻ ኣቶ መልኣከ ወልደሚካኤል፡ ያታዊ ኣገባብ ተጠቂሞም ዘራብሑ ሓረስቶት፡ ዘመናውን ጋብኣውን ቆፎታት ተጠቂሞም ምህርቶም ክብ ከብሉን ኣብ ማሕበር ክጥርኑን ተላቢዑ።

ተጻዋዒ ልምዓት ንህብን ደርህን መንእሰይ ኣብርሃም ከርስ ብወገኑ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብ287 ሓረስቶት ብያታዊ ኣገባብ ንዝቐደድ ዘሎ ንጥፈታት ብምጥቃስ፡ ተጠቃምነት ጋብኣውን ዘመናውን ቆፎታት ብሰፊሑ ንምትእትታው ክስራሕ ጸዊዑ።





ሓረስቶት ብወገኖም፡ ከበኦም ንምርባሕ ንህቢ ምቹእ ምኻኑ ካብ ተመኩሮኦም ንጥፈታት ሳዕሞቲ ኣርባሕቲ ንህብን ስለዘተግዝዑ፡ ዘመናዊ ኣገባብ ምርባሕ ንህቢ ተጠቂሞም ምህርቲ መዓር ንምዕባይ ይሰርሑ ከምዘለዉ፡ ብምግላጽ፡ ኣብ ማሕበር ተጠርኒፎም ዝሰርሑሉ ባይታ ክፍጠረሎምን ዘመናዊ ቆፎታት ንህቢ ክቐርበሎምን ሓቲቶም።

# ጨንፈር ልምዓት ቀረብ ማይ፡ ውሑስ ቀረብ ማይ ንምርግጋጽ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ

ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን - ጨንፈር ልምዓት ቀረብ ማይ፡ ውሑስን ምዕሩይ ዘርግሐ ዘለዎን ቀረብ ማይ ኣብ መላእ ሃገር ንምርግጋጽ ይሰርሕ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ዳይረክተር'ቲ ጨንፈር ኣቶ ምስየና ጉብረስላሴ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ጨንፈር ኣብ ምክትታል ፕሮጀክትታት ገጠር፡ ከተማታትን ሓወሲ ከተማታትን ከምዝሰጥፍ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ምስ ምምሕዳራት ዞባን ንኡስ ዞባን ተወሲዱ ከምዝጸ፣ ከም'ኡ'ውን ኣብ ምድላው ውጥንን መጽናዕትን ስርዓት-ቀረብ ዝተኩረ ስልጠናታት ከምዝሰለሰል ገሊጹ።

ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2025፡ ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ደቡብ፡ ማእከል፡ ጋሽ-ባርካን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ብድምር ኣብ 23 ዓድታት ንልዕሊ 26 ሽሕ ዜጋታት ተጠቀምቲ ጽሩይ ማይ ዝገብር ፕሮጀክትታት ከምእተሰበሰበን ኣብ መስርሕ ከምዝርከቡን ብምጥቃስ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ 6 ዓድታት፣ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኣብ 5 ዓድታት፣ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ 14 ዓድታት፣ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ኣብ 8 ዓድታት ዝርከብ ፕሮጀክትታት ጸገና ከምእተኻየደሉ ኣብሪሁ።



ምምሕያሽ ንዝተገበረለን ፕሮጀክትታት ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባታት ሰረጀቓን ጋላ-ንፍሓን፡ ብኤለክትሪክን ቁጽራትን ዝሰርሕ መስመራት ማይ ከምእተዋደደ፣ ኣብ ንኡስ ዞባታት ኣሶማጥ፡ ሓጋዝ፡ ዒላበርዕድ፡ ገለብ፡ ሃወሻ፡ ሓሸሻይ፡ ሓመደይ፡ ዓዘ፡ ኣሱዳ፡ ገርስት፡ ብሾካ፡ ኣፍሃምባልን ኣፋምቦን ዝርከብ ብጁሓያዊ ጸዓት ዝሰርሑ ፕሮጀክትታት ድማ መሰረታዊ ምትዕርራይ ከምእተገበረሉ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ምስየና፡ ዝቐረብ ማይ ውሑስን ጽሩዩ፡ ዝተሓለወን ንክኸውን ደቂቕ መርመራታት ከምዝካየደሉ ብምሕባር፡ ኣተን ዝዋደዳ ፕሮጀክታት ዝከታተላ ክኢላታት ምስልጣን ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብቐጻሊ ከምዝውደብ ኣረጋጊጹ።

# ዓንሰባ - ትካላት ጥዕና ውጽኢታዊ ንጥፈታት የሰላስላ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ትካላት ጥዕና ምስ ኮም ዝገብርኦ ርክባት፡ ኣብ ወጽኢታውነት ዝዕመም ንጥፈታትን ምውሓስ ጥዕናን ዝምስገን ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣብ ጨንፈር ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ንጽሬትን ሓበሬታን ኣቶ ተስፋኣለም ምስየና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዝውደብ ናይ ምብህሃል መድረኻት፡ ኮም - ዋንነት ተሰሚዕዎ ኣብ መዳይ ጥዕና ንጡፍ ተሳታፊ ክኸውን ባይታ ከምዝፈጥር ኣብሪሁ።

ቀንዲ ዕላማ ኮማዊ ምብህሃል፡ ሕብረተሰብ ንዘጋጥም ጸገማት ኣለልዩ ፍታሕ ንኽናድን ምሉእ ተጠቃሚ ናይ'ቲ ዝተዋደደ ኣገልግሎት ንክኸውንን፣ ተሳታፍነቱን ኣበርክቶኡን ንምትብባዕ፣ ከም'ኡ'ውን ዘውንኖ ጸጋታት ብዝሓየለ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ከምዝጠቅልል ድማ ሓቢሩ።

እቲ ብብእዋኑ ዝውደብ ምብህሃል፡ ጸብጻብ ትካላት ጥዕና ናብ ኮም ብምቕራብ ዓሚቕ ዘተ ንምክያድ፣ ከም'ኡ'ውን ጠንቂ ምኽንያት ጥዕናዊ ሽግራትን ሕማማትን ብንጹር ንምልላይ ኣዝዩ ከምዝሕግዝ'ውን ኣጺሩ።

ንዝተረኽበ ውጽኢት ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣቶ ተስፋኣለም፡ ሕብረተሰብ ኣብ ምሕደራ ጥዕንኡ ልዑል ተበግሶ ክወስድ ከምዝሓገዞ፣ ጠንቂ ጥዕናዊ ጸገማቱ ንኽለሊ ኣበርክቶ ከምዝገበረ፣ ከም'ኡ'ውን ጸገማቱ ፈሊጡ መፍትሒ ከምጽእን ብዮዝበሪ ክምኮርን ከምዝኸኣለ ገሊጹ።

ኣቶ ተስፋኣለም ኣብ መወዳእታ፡ ጥዕና ሕብረተሰብ ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ጻዕራ ተራን ኣበርክቶን ኮም ኣብ ቅድሚት ከምዝሰርዕ ብምእማን፡ ሚኒስትሪ ጥዕናን መሻርኽቱን ዓቢ ኣተኩሮ ከምዝሃብዎ ኣፍሊጡ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኮማዊ ምብህሃል ኣብ 2023 ዝተበገሰ መደብ ኮይኑ ብንጥፈት ይሰርሓሉ ከምዘሎ'ዩ ዝሕበር።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284


# ኣፍዓበት - ትካላት ትምህርቲ ምዝዋር መኪና፡ ዝምስገን ኣገልግሎት ይህባ

ኣብ ከተማ ኣፍዓበት - ቅድሚ ዓመት ዝተኸፍታ ክልተ ትካላት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና፡ ዝምስገን ኣገልግሎት ይህባ ከምዘለዋ ተገሊጹ።

ወነንቲ'ተን ትካላት ኣቶ መሳ ዐሰማንን ኣቶ ማእከለ ሳምራን ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት - ተቐማጦ ኣፍዓበት ምምራሕ መኪና ንኽመሃሩ ናብ ኣስመራ፡ ከረን፡ ባጽዕን ባረንቱን ይኸዱ ምንባሮም፣ እዚ ድማ ኣደዳ ተወሳኺ ወጻኢታት ይገብሮም ከምዝነበረ ብምዝካር፡ ሕጂ ግና ኣብ ቀረባኦም ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት ስለዝተኸፍታሎም ብዙሓት ንኽመሃሩ ከምእተተባብዑ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣስዒቦም፡ እተን ትካላት ኣብ ሓደ ዓመት ብቐዳማይን ካልኣይን መምርሒ ፍቓድ 150 ተመሃሮ ከምዝመረቓ ኣብሪሆም።

ካብ መማህር ኩይት ዝሰርሕ ዘሎ ኣቶ መሓሪ ጉብረ ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዙሓት ሰባት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ክቕስሙ ልዑል ድልየት ኣሕዲሮም ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ምልክታት ትራፊክ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣገዳሲ ስለዝኾኑ፡ ምምሕዳር ከተማ ኣፍዓበት ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ፍታሕ ክገብሩሉ ተላብዩ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ኣብ ቀረባኦም ብምኽፋቱ ንኽመሃሩ ከምእተተባብዑ ብምጥቃስ፡ ካብ'ቲ ኣቐዲሞ ዝነበረ ሃልኪ ግዜን ገንዘብን ከምእተናገፉ ኣገንዚቦም።

# ፎርቶ ሳዋ - ንጥፈታት ማሕረስ ብጽቡቕ ተሰላሲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶሳዋ፡ መንግስቲ ብዘዋፈረን ትራክተራት ንጥፈታት ክረምታዊ ማሕረስ ብጽቡቕ ከምእተሰላሰለ ተሓቢሩ።

ኣባል ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኢንጂነር ምሉእ ጉብረዝጊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝናብ ደንጉዩ ብምጅማሩ ንጥፈታት ማሕረስ ከምእተደናገየን መለኡ ከምዝይተዛዘመን ብምጥቃስ፡ ሎሚ ዓመት ክሕረስ ተወጢኑ ካብ ዝነበረ 6,900 ሄክታር እቲ ልዕሊ 4,300 ድሮ ከምእተዘርአ ኣፍሊጡ።

ካብ መፋርቕ ወርሒ ነሓሰ ጀሚሩ ጽቡቕ ዓቐንን ዝርግሐን ዘለዎ ዝናብ ይወቅዕ ምህላዉ ዝጠቐሰ ኢንጂነር ምሉእ፡ ኣብ መዐቀኒ ንቑጣታት ፎርቶ፡ ኩለንቴባይ፡ ተልኣይ፡ ግርማይካን ታመራትን ዛጊት 541 ሚሊ-ሜትር ከምእተመዝገበ ብምሕባር፡ ብኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ዝተመደባ ትራክተራት ልዑል ኣሳልጦ ከምዝገበረን ገሊጹ።

ኢንጂነር ምሉእ ኣብ መወዳእታ፡ መግሆጫታትን ጥራትን'ውን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ብምሕባር፡ ሓረስቶት ኩነታት ዝናብ ኣብ ግምት ዘእተወ ዕቱብ ምክትታል ክገብሩ ኣተሓሳሰበ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ብርትዓዊ ዋጋ ንዝገበረሎም ሓገዝ ትራክተራት ድሕሪ ምምስጋኖም፡ ዘራኣቲ ክሳብ ኣብ ቆፎኡ ዝኣቱ ግቡእ ምክትታልን ክንክንን ክገብሩሉ ምኻኖም ገሊጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ መንሰራ - ምምሕዳር ከባቢ ሕርጣቕ ብ27 ነሓሰ ሓንቲ ኣደ ብበርቂ ክትመውት ከላ ክልተ ደቃ መጠናዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ዝኽሪ መስከረም
# ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዶብሓ

(2ይ ክፋል)

ኰረኣብ ኣዘዘ (ከረን)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት፡ ኣብ በረኻታት ኤርትራ ወጺኦም ሰውራ ክጅምሩ ብምሕሳብ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኰይኑ ዝተሓባበሮም ሰብ የናድዩ ከምዝነበሩ፣ ኣተኩሮም ድማ ኣብ ክልተ ሰባት ሰይድና መሓመድ ሸኽ ዳውድን ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ከምዝነበረ፣ ካብ ከሳ ብምምጻእ እውን ንሰይድና መሓመድ ሸኽ ዳውድ ኣብ ፈለሱብ ከምዝረኸብዎ፣ ንሱ ብዋጋዱ ዘድሊ ምትብባዕ ከምዝገበረሎም ተረኺቡ። መቐጸልታኡ ደስዕቡ፡

ድሕሪ ወርሒ ኣብ ካልኣይ ቆጸራ፡ ኣደም ኣኑር ቲታን መሓመድ ኣደም ገሰርን ካብ ከሰላ መጺኦም ንሰይድና መሓመድ ሸኽ ዳውድ ኣብ ጫራብ ጥቓ ኬሩ ረኺቦም። ንቐጻሊ ካብን ናብን ሰይድናን ከሰላን መልእኽቲ ዘጽጽሕ ማስመር ከምዝድሊ ምስ ገለጹሉ ድማ፡ ኣብ ፍሉያት ቦታታት እሙናት ሰባት ረቑሑ ሃቦም። እቲ ኣብ ቀዳማይ ርክብ



ሙብጽዓ ዝኣተወሉም ገንዘብን ኣብ-ኣፃሻ ጠበንጃን ኣብ ዝጠዓመ ግዜ ክወስድዎ ከምዝኽእሉ እውን ሓቢርዎም። ሰይድና ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኣቓርደት ንዝተኻየደ ምስጢራዊ ኣኼባ ኣብ ምምእዛን ዝለዓለ ተራ ተጻዊቱ እዩ። እዚ ናይ ሚያዝያ 1961 ምስጢራዊ ኣኼባ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ እውን ዝተረኽበሉ ነበረ። ኣብቲ ኣኼባ ሸኽ መሓመድ ዳውድ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንሰውራ ክዓሎ ተወከሱዎስ፡ ሓምድ እውን ተሰማሚዑ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ወተሃደራዊ ብቕዓትን ልዑል ሃገራዊ ስምዒትን ካብ ዝነበሮም ኤርትራውያን ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኀሊሑ ዝጥቀሰ ህቡብ ሰብ ነበረ። ዓሰርተ ጣልያን ዝነበረ ሓምድ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 1940ታትን 1950ታትን ዝነበረ ናይ ሸፍትነትን ጸረ ሸፍትነትን ቃልሲ ኣብ ገርሰት ይቕመጥ ነበረ። ንሱ ኣብ ግዜ ሰለማዊ ናብራ ከይተረፈ፣ ንዘዘዝምታ ጥሪት ይመልስ፡ ካብ ሸፋቱ ይከላኸል ብምንባሩ መንግስቲ ብጸቡቕ ዓይኒ ይጥምቶ ነበረ። ኣብ መጋቢት 1956 ሓምድ ከባቢኡ ክሕሉ ብረትን ምዱብ ደሞዝ ዘለዎ ናይ ሓለዋ ሓይሊን ክወሃቦ ዝቐረቦ ጠለብ ግን መንግስቲ መልሲ ኣይሃበሉን ነበረ። ኣብቲ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ናብ ዝበኣሰ ዝኸደሉ ዝነበረ ግዜ፡ ሓምድ ከም ካልኦት ሃገራውያን ክሻቐልን ናብቲ ሽዑ ዝነበረ ውዳበታት ክጸንበርን ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ፡ ተመሃሮ ካይሮን ኤርትራውያን ወተሃደራት ሱዳንን ብረታዊ ቃልሲ ክፍልሙ ኣብ ዝወሰኑሉ፡ ሓምድ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከቦግስ መተካእታ ዘይብሉ ኣማራጺ ኰይኑ ምቕራቡ ብዙሕ ዘርም ኣይሃበረን። ሓምድ ኣብ ኣኼባ ናይ ኣቓርደት ንሰይድና መሓመድ ሸኽ ዳውድ ከምዚ ኢሉዎ ነይሩ፦

"ንዛብታት ጋሼ ሰቲት፡ ባርካ ክሳብ ሳሕልን ዓንሰባን ክሽፍና እኽእል'የ። ዝኾነ ኣፍልጦ ዘይብለይ ብዛዕባ ናይ ከበሳን ናይ ምብራቕን ቦታታት'የ። ስለዚ ነዚ ቦታታት'ዚ ዝፈልጡን ኣብኡ ክውድቡ ዝኽእሉ ሰባትን ክተናድዩ ኣለኩም።"

ኣብቲ እዋን'ቲ ኢትዮጵያ እቲ ኣብ ኤርትራ ተኻይዶ ዝነበረት ምግዛስ ቅዋም ፌደረሽንን መሳላት ኤርትራውያንን ንበዙሓት ሃገራውያን ከምዝቐሓረ ትርዳእ ብምንባራ፡ ንገለ ውልቀ ሰባት ድሌታቶም ኣማሊእ ኣፎም ክትዓብስ ወይ ምኽንያት ፈጢራ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከተእትዎም ትጽዕር ነበረት። በዚ ድማ ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት፡ ንሓምድ ብዛዕባ'ቲ ኣብ 1956 ኣቕሪቡዎ ዝነበረ ናይ ብረት ጠለብ ክዘራርቦ (ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ምኳኑ እዩ) መልእኽቲ ሰደደሉ። ኣመሓዳሪ ወረዳ ተሰነይ፡ ብ31 ሓምለ 1961 ንሓምድ ኣዛዚ ፖሊስ ክዘርቦ ይደሊ ከምዝሎ ገለጸሉ። ሓምድ ስለዘይኣምኖ ኣይተቐበሎን። ድሕርዚ ኣመሓዳሪ ተሰነይ፡ ንኣመሓዳሪ ኣውራጃ ባርካ ዑመር ሓሰኖ ባዕሉ ንሓምድ ረኺቡ ክዘራርቦ ሓሳብ ኣቕረበሉ።

ብ12 ነሓሰ 1961 ሓምድ ኣብ ገርሰት ምስ ዑመር ሓሰኖ ኣብ ዝተራኸቡሉ ንጀነራል ተድላ ዑቕቢት ክረኽቦ ከምዝደሊ ገለጸሉ። ዑመር ግን፡ ኣብ ኣቓርደት ን15 መስከረም 1961 ክራኸቡ ቆጸራ ሓዙ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኑዩም ብኢብራሂም መሓመድ ዓሊን ዑመር ኬራይን ዝምርሑ ሸፋቱ ሓምድ ናብ ሰላማዊ ናብራ ክምለሶም ብዙደጋጋሚ ጸቕጢ ይገብሩሉ ነበሩ። ሓምድ ብወገኑ፡ ሰላማዊ ሰብ ምኳኑ፡ ንዝኾነ ሰብ ናብ ሸፍትነት ከውፍርን ካብ ሸፍትነት ክመልሶን ክእለት ከምዘይብሉ እኳ እንተነገርም፡ ካብ ዝቡ ምውራድ ኣበዩ።

ዘይተጸዓዱ ሓምድ ንጸቕጠታት መንግስቲ ዝጸውር ዓቕሊን ብውዲታቶም ዝታለል ልቦናን ኣይሃበሮን። ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊኡ ትገብሮ ዝነበረት ተጽዕኖ ማለት ሸፋቱ ዝዘመትወን ከብቲ ኣቫቒሉዋ ዘይረካ ኣንጻራ ዝኣለም ዝነበረ ውዲት (ምስጢራዊ ርክብት) ስለ ዘጨነቓ ምኳና ርዱእ ነበረ። ሓምድ ዋላ እኳ ሰውራ ንምጅማር ቃል ደኣቶ፡ ብረት ከይሓዘ ብጾት ዝኾኑዎ ከይወደበ፡ ኩነታት ናይቶም ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ወተሃደራት ከየጣለለ ክወጽእ ሓሳብ ኣይሃበሮን። ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝግበር ዝነበረ ጸቕጥን ምፍርራሕን ከምኡ'ውን ሽሕጦን ኣመሓደርቲ ርእዩ ግን ከይቀደምዎ ክቕድሞም እንተዘይኰይኑ ብመቑሕ ክሕየር ምኳኑ ብሩህ ኮነ። ጸሓፊ ታሪኽ ህይወት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ተጋዳላይ ሃይለእሱሴ ወልዱ ንመጨረሽታ መዓልታት ስቪላዊ ህይወት ሓምድ ኣብርህ ከሎ ከምዚ ይብል፦

"እቲ ኩነታት ሓንጊሩ፡ ምስ ሰቡ ስልጣን መንግስቲ ኣብ ምትህልላኽን ምድፍፋርን ምስ ተበጽሐ፡ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ሓምድ ህጹጽ ስጉምቲ ክትወስድ ወሰነት። ፈለማ ግን መን ይፈልጥ ሓሳቡ እንተቐየረ ንቦን ድኾን ናይ መውጻእታ ደብዳብ ይለኣኽሉ ተባሂሉ ዕሾጉ በሰጣ ከምዝተሰደደሉን ከምዝጸንሖን ኪዳ ህዳድ ይሕብር" ይብል'ሞ ብ17 ነሓሰ 1961 ሓምድ ኣቡ-ዓሸራ ዓጢቑ ናብ ቃልሲ ከም ዝቐለ ይገልጽ።

ሓምድ ኣብቲ ጸለም ክረምቲ፡ ካብ ገዝኡ ቀሪጹ ኣብ ዝተላዕለ ሓምሻይ ርእሱ ነበረ። እቶም ቀዳሞት ንሓምድ ዝሰዓቡ ከኣ ዓብዱ መሓመድ ፋይድ፣ ሸንግራይ ዓማር፣ ሳልሕ ቅርጫይን ሁመድ ዱሓይንን ጥራይ ነበሩ። ብጾወዒት ሓምድ ብኡ ንብኡ ኣብ ሃደምደሚ ዘርከቡ ከኣ ዓዋተ መሓመድ ፋይድ፣ ኢብራሂም መሓመድዓሊ፣ ሳልሕ ሓጅ ሓይዳን እዮም። ሓምድ ብ1 መስከረም 1961 ምስ በጺል ዓዋተ መሓመድ ፋይድ ኣብ ሃደምደሚ ምስ ተራኸቡ፡ ካብ ሓደ ድኳን ስንቂ ዝኾኖም ኣስቢዞ ገዝኡ። ጢያይት ንሰማይ ብምትኳስ ድማ ሰውራ ከምዝጀመረ ኣወጁ። ኣብ ባሕቲ መስከረም ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ኣብ ሃደምደሚ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ዘበስር ጥይት ክትኩስ እንከሎ ሻምናይ ርእሱ ነበረ። ሽዑ ኢትዮጵያ ንሓምድ ክትሕዞ ወይ ክትቀትሎ፡ ህጹጽ ወፍሪ ኣበገሰት። ሓምድን ፖሊስን ክልብን ሰሱሓን ኰይናም ኣብ ምሉእ ጋሽ ሰቲትን ባርካን ሸኾርተት ኮኑ። ሓምድ ዝኣተዋ ዓዲን ዝተሓብኣላ ጫካን ዝሕብሩ ሰለይቲ እውን ኣብ ኩሉ ከበታት ተዘርወ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ሓምድ ሻብዓይ ርእሱ ኣለቡ ሰጊሩ ኣብ ባልቃይ ተረኽዩ። ሽዑ ሓደ ሰላዪ ኣውቶብስ ተሰቒሉ ንተሰነይ ብምኻድ ንሜጀር ጉብረኪዳን ተሰፋይ "ሎሚ ረኺብኩም ሰኣንኩም፡ ሓምድ ሻብዓይ ርእሱ ኣብ ባልቃይ ኮፍ ኢሉ ኣሎ" በሎ። ሜጀር ጉብረኪዳን ኣኽቢቡ ንኽሕዞ ወይ ንኽቐትሎ ወተሃደራቱ ኣኽተተ። እንተኾነ ዓርኪ ሓምድን ኣባል ፖሊስን ዝነበረ ኪዳ ህዳድ ምስ መሓመድ ሰሌማን እኩድ ኰይናም፡ መጀመርያ ንሓምድ 'ኣብ ከበ ኣፎ፝ኻ ኣለኻ' ዝብል መልእኽቲ ሰደድሉ። ቀጺሎም ማስመር ተሌፎን ተሰነይ ብምቑራጽ ኑዩም ወተሃደራት ኣንፈቶም ናብ ሩባ ጋሽ ከምዝኸዱን ብምግባር ንሓምድ ካብ ማእሰርቲ ምናልባት እውን ካብ ሞት ኣድሒኖዎ።



ቅድሚ ክረምቲ 1961 ሰውራ ንምጅማር ዝተጉብኡ ክልተ ዘይተዓወተ ናይ ቃልሲ ፈተነታት ነይርም እዮም። ባዕሉ ሓምድ ኣብ 1956-57 ናብቲ ሽዑ ኣብ ኣቓርደት ዝነበረ፡ ኣቦመንበር ባይቶ ኤርትራ ነር፡ እድሪስ መሓመድ ኣደም ብምኻድ፡ ብረት ሒዙ በረኻ ክወጽእን ኣንጻር ኢትዮጵያ ክቃለስን መደብ ከምዘለዎ ሓቢሩ ነይሩ። እንተኾነ እድሪስ "ብዋስ ከይባልካ ከጥፍኡኻ እዮም" ስለዝበሎ ከም ዝተመልሰ ጸሓፊን ተመራማርን ታሪኽ ኣለምሰገድ ተስፋይ የዘንቱ። ብዘይካ'ዚ ኣብ መጀመርታ 1960 ኣርባዕተ መንእሰያት ኣደም ግንደፍል፡ መሓመድ እድሪስ ከልባይ፡ ሓምድ ኢብራሂም ጠማር፡ ከምኡ'ውን ዓብደላ ዲኻልን ካብ ሱዳን ናብ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንገርሰት ከይዶም ሰውራ ክበገስ እንተወሰኑ ምስኡ ክወጹ ምኻኖም፡ እንተዘይኮነ ጠበንጃ ክህቦም ሓቲቶሞ ነይርም። ሓምድ ግን መንዮ ሰውራ ክወጽእ'ዩ ዝበለኩም ብምባል ተመሊሱ ኣዋጠርዎም። ብሓደ ክልተ ብረት ሰውራ ከም ዘይጅመር ኣረዲኡ ከኣ "ክኣምነኩም ዝኽእል፡ ካብ መንግስቲ ብረት ሰሊብኩም ወይ ሰብስልጣን ኣቑሲልኩም ምስ ትመጹ ጥራሕ እዩ" ብምባል "ንሕና ግን ኣይረኣኽኹም ኣይረኣኹምኒ" ኢሉ ድማ ኣፋነዎም።

ዝኾነ ኮይኑ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ ነሓሰ 1961 ሓንቲ ኣቡ-ዓሸራ ዓጢቑ ካብ ገርሰት ምስ ነቐለ፡ ዓብዱ መሓመድ ፋይድ (ወዲ ኣሞኡ) ከምኡ'ውን ኣቡ-ኻምሳ ዝዓጠቑ ሸንግራይ ዓማርን ሳልሕ ቅሩጫይን፡ ኣቡ-ስታ ዝዓጠቐ ሁመድ ዶሓይንን ሰዒቦሞ። ሓንቲ ስበርቲ ጠበንጃ ማኪናርን ኣቡ-ርሓይንን (ግንጽል) ናይ ሓምድ ዝነበራ እውን ተማልኣ። ኣብ ሃደምደሚ ዘርከቡ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ ሳልሕ ሓጅ፡ ዓዋተ መሓመድ ፋይድን እውን ተወሲኾምዎ። እዚኦም ጉጅለ ሕመረት ናይቲ ጸኒሑ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ዘንቀጥቀጥ ሰውራ ናይ ኤርትራ እዮም። ቀስ ብቐስ ከኣ ካልኦት ሰዓቡ። በንጻሩ መንግስቲ ንሓምድን ብጾቱን ሒዙ ክኣስሮም፡ እንተዘይኮነ ወረኦም ከይተዘርገሐ ክቐትሎም እናተጓየየ ከሎ፡ ክልተኦም ወገናት ኣብ ኣዳል ተጓነፉ።



**ይቕጽል . . .**

**መኣረምታ**

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም 'ዝኽሪ መስከረም'፡ "እድሪስ መሓመድ ኣደም ምስ ኢብራሂም ሱልጣን ኣብ ጥሪ 1961 ሓገዝ ንምሕታት ካብ ካይሮ ተበጊሶም ናይ መጀመርታ ዲፕሎማስያዊ ዑደት ናብ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ኣካየዱ" ተባሂሉ ዘሎ እቲ ግዜ 'ኣብ መወዳእታ 1960' ተባሂሉ ክንብብ ምስኖይ ይቕሬታ ንሓትት።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ድራማ |
| 10:25 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፊልም ፈንቅል |
| 17:40 | መደብ ዋልታ |
| 18:30 | ዜና (ትግረ) |
| 19:00 | ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም ዝቐርብ ባህላዊ መደብ (ቀጥታ) |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:00 | መደብ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:35 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሳይዳ |
| 19:10 | ንባሕቲ መስከረም ዘጸብርቕ መደብ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ኣከባቢ



ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)





# ጽልዋ ከሚካላት ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብን ኣከባብን



ሃብቶም ጉብረሚካኤል
(ሚ/መ/ማ/ኣከባብን -
ክፍሊ. ኣከባቢ)

መሰረት ዘመናዊ ስነ-ቅመም ካብ 18 ክሳብ 20 ዘመን ኣብ ዝነበረ ግዜ ዝተዘርገሐ እዩ ክበሃል ይከኣል። እዚ. ስረት እዚ፥ ነቲ ባህርያውን ቀመማውን (ኬሚካላውን) ጠባያት ናይ ዋሕታ (Atom)፥ ቀመማዊ ባህሪ ናይ ሓደ ነገር (ሳብስታንስ) ዘጥፍኡ፥ ዝሓሰ ኣሃዱ (molecule) ከግለጽን ክፍለጥን፥ ብሓባር ምስቲ እናማዕበለ ዝመጸ ዝተራቐቐ ሜላታት መጸናዕትን ድርኺትን ተራ ቅርጽን ጠባይን ናይዞም ኣሃዱታት፥ ኣብ ሓድሕድ ምውስሳብ ዘሎ መርሓ ሓሳባዊ ምዕባለ ዘጠቓለለ እዩ።

ህይወታዊ ይኹን ዘይህይወታዊ ኩሉ ባህርያዊ ሃብቲ ብኬሚካላት ዝቖመ እዩ። ኬሚካላት ኣብ ኩሉ ኣከባቢ ከም ኩሉ ፍጥረት ፍጡራት እዮም። “ኬሚካል፡ ‘ብተፈጥሮ’ ኣብ ኣከባቢ ሃልዩ ኣይርከበንየ” ዝብል ኣተሓሳስባ ኣሎ። እንተኾነ ሓደ ሓደ ግዜ ከምቲ እንሓስቦ ኩይኑ ኣይንረኽቦን። ምኽንያቱ ተፈጥሮ ብዙሓት መርዛማት ወይ ሰማሚቲ ኬሚካላት ዝርከቦ ስለ ዝኾኑ። ንኣብነት፥ ፍሎራይድ፥ ኣርሰኒክ፥ ባህርያውያን በከልቲ መጠ. - እዚኣቶም ገለ ካብቶም ኣብ ተፈጥሮ ዝርከቡን ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብ ድማ ተጻራርነት ዘርእዩን ተጓዳእቲ ከሚካላት እዮም። ባህርያዊ ኣከባቢ ብዘወሃሃ፥ ከም ጾርጊ (ናይ ጸዓል መቐት)፥ ባክተርያ፥ ዕሱ፥ ቫይረስ፥ ገለ ኣትክልትን ጋዛትን ዝኣመሰሉ ብዙሕ ጉድኣት ወይ ሓደጋ ዘስዕቡ’ውን ዝሓቑፈ’ዩ።

ኬሚካላት ኣብ መነባብሮና ሓደ ኣገዳሲ. ግደ ዘለዎም እናኾኑ ካብ ዝመጽኡ ነዊሕ’ዮም ኣቕጺሮም። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፥ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ይቆጻጸሩልናን ይከላኸሉልናን። ብዙሓት ነገራት ንኸይበላሸው. የድናግዩልናን ካብ ዝበለ ሕርሻዊ እቶት ከነኻዕብት የኽእሉናን። ኮታ ብዓቢኡ ምስ እንጥቀመሎምን እነማሕደሮምን ጥቕሞምን ረብሓኦምን ብዙሕ፥ ብኣንጻሩ፥ ብዓቢኡ ምስ ዘይንጥቀመሎም ወይ ዘይነማሕደሮም ድማ፥ ንጥዕናና ኣብ ሓደጋ ከውድቑ ንኣከባብና ክምርዙ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ. እዩ።

ብዙሓት ካብ ኬሚካላት፥ ኣብ ልዕሊ. ኣከባብን ጥዕና ደቂ-ሰብን መርዛ. ዝኾነ ሳዕቤን ከስዕቡ ዝኽእሉ እዮም። ዚያዳ ከኣ ኣብ ግዜ ምፍራይ፥ ክዝና፥ ኣተሓሕዛ፥ ምጉዕዓዝ፥ ኣጠቓቕማ፥ ኣወጋግዳ፥ ምፍሳስን ዘይሕጋዊ ኣወጋግዳን (ምጉሓፍ) ገሊሖ ይርአ። ኣብ ከምዚ. ኩነት እዞም ኬሚካላት ናብ ኣከባቢ. ምስ ዝፍነው. ወይ ዝልቀቑ፥ ንእስተንፍሶ ኣየር፥ እንስትዮ ማይ፥ ንእንምገቦ መግቢ፥ ወዘተ. ይብክሉ። በዚ. ንጥፈትታ’ዚ. ንምንጨ. ማይ ዘኾኑ ኣፍላጋትና፥ ቀላያትና ከምኡ ድማ ጫካታትና ብኣሉታ ክትክኡ፥ ክሲማን ስርዓት ማሕደርን (ecosystem) ክልወጡ ይኽእሉ። ኣብ ከምዚ. ዝበለ ኩነታት፥ ኩላትና ንመርዛማት ኬሚካላት ዝተቓላዕና ምዃንና ክንግንዘብ የድሊ።

ብመሰረት እዚም ዝሰዐቡ ረቛሕቲ ሃገራዊ ቀጥባዊ ስርዓት፥ ኢንዱስትሪን ሕርሻን፥ ባህርን ብዘሕን ኣብ ሃገር ዝሰረሓሎም ኬሚካላት ብሰፊሑ ይፈላለ እዩ። ኣቓዲሞም ኣብ መዓል ካብ ዝበሩ ኬሚካላት ዚያዳ ብልጫን ንጉዳዊ ቀጻልነትን እንተለዎም ብዝበል ዓመት መጸ ኣሽሓት ኬሚካላት ይጽመሩ ኣለዉ። ኣብዚ. ሕጂ እዋን ኣብ ንግዲ. ኣስታት 100 ሽሕ ኬሚካላውያን ነገራት ምህላዎም ድማ ይግመት። እዚ. ከምዚ. እናኾኑ ዓመታዊ ኣስታት 2 ሽሕ ሓደስቲ ናብ ዕዳጋ ይኣትዉ. ምህላዎም’ውን ይግለጽ። በዚ. መሰረት፥ ንገለ ካብቶም ኣብ መዓል ዝጸንሑ ኬሚካላት ንጹር መግለጺ. ብምቕማን ብሓደስቲ ኬሚካላት ብምትካእን ኬሚካላዊ ትርኢቶም እናተለወጠ ይኸይድ ምህላዉ. ይሕበር። እዚ. ስለ ዝኾነ ድማ’ዩ እቲ ብዘሌ. ዝፍነዕን መዓልኦምን ምስ ናቶም ውጽኢታውነትን ጠሉባን ዝፈላለ ዘሎ።

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፥ ተጓዳእቲ ኬሚካል ክበሃል ከሎ፥ ተኽእሎ ሃላይነት ኣብ ልዕሊ. ህይወት ዘለዎም ነፍሳት ተባሂሉ ይግለጽ። ገሊ-ገለ ነገራት ዋላ’ውን ብምሕር ውሑድ ዓቐን ይኹኑ ንህይወታውያን ክጎድኡ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፥ መርዛማት ቦቱሊኑምን ስትርይቺናይን ዝበሃሉ ኬሚካላት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ብኣንጻሩ እቲ ዓቐን ወይ መጠን ብዙሕ ምስ ዝኸውን ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘኸትሉ ኣለዉ። ንኣብነት፥ ጨው (sodium chloride) ክጥቀስ ይከኣል። ስለዚ፥ ዓቐን ዝውቃረን ተጓዳእነትን ናይቲ ተቓለዕናሉ ዘለና ኬሚካል፥ ውልቃዊ ሃዋሲነት ወይ ተነቃፍነት፥ ዓይነት ብርተዐ ኣሉታዊ ሳዕቤናቱ ከምኡ’ውን፥ ዝም ሳዕቤናት ንኽርእዩ ወይ ክዝዱ ዘድሊ. ግዜን ከይፈለጥካ ክዕምንዩም ኣይከኣልን።

ደረጃ ተቓላዕነት ኬሚካላት፥ ካብ ኣዝዩ ውሑድ ክሳብ ኣዝዩ ልዑል ዓቐን ወይ ተቓላዕነት ንሓደ ኬሚካል ጥራይ ወይ ንዝተፈላለዩ ኬሚካላት ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ሓቂ እዚ. ኸውን፥ ብዛዕባ ተቓላዕነት ኬሚካላት ብመሰረቱ ንሰርን ሕዳርን ተቓላዕነት ዝበሉ ኣምራት ኣለዉ። ንሰር ተቓላዕነት ኬሚካላት ክበሃል እንከሎ፥ ተቓላዕነት ንትሕቲ 24 ሰዓታት ዘመልክት እዩ። ንሰር ተቓላዕነት ንሓጺር ግዜ ወይ ንሓንሳእ ኩይኑ፥ ሳዕቤኑ ብቐጻበት ዝርኣ’ዩ። ተቓላዕነት ንነውሕ ዝበለ እዋን ምስ ዝኸውን ግን፥ ሕዳር ተቓላዕነት ይበሃል።

ሕዳር ተቓላዕነት፥ ንነዊሕ ግዜ ወይ ንብዙሕ ሳዕ ዘመልክትን ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ክርእ ወይ ክንጸባረቕ ብዙሕ ግዜ ዝወስድን’ዩ። እዞም ንሰርን ሕዳርን ዝበሉ ቅጽላት እንተላይ ንኣሉታዊ ሳዕቤን ኬሚካላት ንምርዳእ ዝሕግዙ ሓረጋት እውን እዮም። ገለ ኬሚካላት ድሕሪ ተቓላዕነት ብቐልጡፍ ጠንቂ ናይ ንሰር ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘርእዩ ክኾኑ እንክለዉ፥ ገሊኦም ግና ተርእዮ ናይ ሕዳር ኣሉታዊ ሳዕቤን ከም መንሽሮ ዝኣመሰሉ ካብ 10 ክሳብ 20 ዓመት ምልክቶም ብሓገዘ መሳርሒ. እንተ ዘይከይኑ፥ ብወዘቢ. ዘይስተብሃለሉም እዮም።

ድሕሪ ተቓላዕነት ሓደጋኛታት ኬሚካላት ሰዓቡ ዝመጽእ ተርእዮ ኣሉታዊ ሳዕቤን እዩ። ኣሉታዊ ሳዕቤን ክበሃል እንከሎ ንተቓላዕነት ተኽእሎ መርዛማት ኬሚካላትን ዘስዕቦዎ ኣሉታውን ዘይተደላዩን ጥዕናዊ መዳይ ለውጢን እዩ። ደቂ-ሰብ ንኸምራ ኬሚካላት ንወጽኢት ኢንዱስተሪታት፥ መድሃኒታት ወይ ብተፈጥሮ ዝጸንሑ ነገራት፥ ወዘተ. ዝተቓልዑ እዮም። ዝኾነ ነገር (ሳብስታንስ) ዕቑር ዓቕሚ ጠንቂ ናይ ተጓዳኢ. ሳዕቤን ናይ ምዃን ተኽእሎ ኣለዎ። እዚ. ድማ’ዩ መርዛምነት ወይ ኣሉታዊ ሳዕቤን ተባሂሉ ዝጥቀስ።

ሓደ ነገር (ሳብስታንስ) ተጓዳኢ. ክበሃል እንተ ደኣ ኾይኑ፥ እቲ ምኽንያት ከምዚ. ኣብ ላዕሊ. ዝተጠቕሰ ክንስኡ ብቐንዱ ግን በቲ ዓቐኑ እዩ ዝውሰን። ንኣብነት፥ ሓደ ኬሚካል ካብቲ ዝምጣእ ዓቐን ንላዕሊ. ምስ ዝኸውን ወይ ምስ ዝህሉ ዋላ’ውን እቶም ዘይጎድኡ ሳብስታንሳት ከም ሽኮር፥ ጨው ዝኣመሰሉ ከይተረፉ ተጓዳእቲ እዮም። እዚ. ኸኣ፥ ከምቲ ‘ክጠዝሕ ክጠዝሕ ከም ጨው ይምገሕ’ ተባሂሉ ዝተመሰለ እዩ። ብኣንጻሩ ካብታ መለለይት ደረት መጠን ናይ ምጉዳእ ተኽእሎ ተባሂላ ትፍለጥ ዓቐን ንታሕቲ ምስ ዝኸውን፥ ዝኾነ መርዛም ሳብስታንስ ክጎድእ ኣይክእልን’ዩ። እዚ. ክበሃል እንከሎ ግን፥ ኑቶም ደረት ዓቐን ዘይወሰነም ኬሚካላት ኣውጺእካን መንሽሮ (ካንሰር) ዘስዕቡ ጉዲፍትን ማለት’ዩ። ኣሉታዊ ሳዕቤን ኬሚካላት ንኽንጠቕስ ኣመና ብዙሕ’ዩ። ብርተዐ ሳዕቤናም ካብ ናይ ቁርበት ዕንፍሩር ክሳብ መንሽሮ ድንገተ ሞት ዘበጽሑ ተኽእሎታት ተርታ ይሕዝ። ገለ ኬሚካላት ንፍሊያት ህዋሳት ኣካላት ዘጥቅዑ ኣለዉ። ንኣብነት፥ ኣልኮል ወይ ካርቦን ተትራክሎራይድ (carbon tetrachloride) ዝበሃሉ ኬሚካላት፥ ንጸላም ከብዲ. ከምኡ’ውን፥ ካድምዩም ዝበሃል ጭኣታ ንኸሊት ካብ ዝጎድኡ እዮም።

መድረኻት ሰባዊ ምዕባለ ካብ ጥንቲ ክሳብ ሕጂ ከምቲ ዝዘንቶ፥ ፈለማ ፍረታት ምምእራርን ሃድንን ጀሚሩ፥ ናብ ሕርሻ፥ ከምኡ እናበለ እቲ ገስጋስ ብዘሎምታ ናብ ኢንዱስትራዊ ምዕባለ’ዩ ኣብጺሑና። ኢንዱስትራዊ ምዕባለ ድማ፥ ብዘዘዋሪ መንገዲ. ናብራ ዓለም ለዊጥዎ ይርከብ። ስለዚ. ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ካብ ፈለማኡ ኣብ ኬሚካላት ዝተመርኮሰ’ዩ እንተ ተባህለ ምጋናን ኣይከውንን።

ምዕባለ ኢንዱስትሪ ኣብ መነባብሮ ደቂ-ሰብ ዕማሙ ዓቢ. እዩ። ምዕባለ ኢንዱስትሪ ብዘይካ’ዚ. ኣብ ሃገራት ቀጥባውን ማሕበራውን ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣብ መላእ ዓለም ብሚልዮናት ንዝቖጸሩ ሰራሕተኛታት ሸቓሊ. ይኸፍት። ኣብዚ. ክንጸር ዝግብኦ ኢንዱስትሪ ክበሃል እንከሎ ህንጻ ወይ ፋብሪካ ጥራይ ዘይኮኑ፥ እንተላይ ሕርሻ፥ መራኽብ፥ መጻረዪ፥ ምንዳል ኑዩዲ ዘይቲ፥ ናይ ጽዕነት መካይን ከምኡ ድማ፥ ናይ ዕደና ትካላት፥ ኣገልግሎታት ቱሪዝም፥ ወዘተ. ዘጠቓልል እዩ። ስለዚ. ኢንዱስትሪ ክብ ኢሉ ከም ዝተጠቕሰ፥ ኣብ ኣከባቢና ዝርከበን ኣብ ዕሉታዊ መነባብሮና ዓቢ. ኣገዳስነት ዘለዎን እዩ። መብዝሕትኦ ንጥፈታት ኢንዱስትሪ ምንጪ. ናብ ኣየር ዝትፋእ በኪ. ጋዝ፥ ረሳሕ ማይን ደረቕ ጕሓፍን ኩይኑ፥ ኩሉም ብዙሕ ዝዓይነቶም በከልቲ ኬሚካላት ዝሓቑፉ እዮም። ክብድ ዝበለ ተቓላዕነት ንኬሚካላት ኣብ ኢንዱስትሪ ሸቃሎ ዝዋጸሉ ክፍሊ. ብዚያዳ ይርአ። እዚ. ድማ ናይ ስራሕ ተቓላዕነት ተባሂሉ ይልለ። ኣብ ከምዚ. ናይ ስራሕ ቦታ እምበኣር ልዑል ዝኾነ ምስ ኬሚካል ዝተሓሓዙ ሕማማት ክንዕዘብ ወይ ክህሉ ካብ ትጸቢትና ወጻኢ. ክኸውን የብሉን።



ይቕጽል...



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## እቲ ካልእ ገድሊ ንናጽነት!

ሳልሳይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ክፋላት ናይዚ ዓምዲ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሜዳ - ማሰከረም 1987 ኣብ ዓረርብ፡ "ሃገራዊ ባህልና ይዓንብብ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ብህላዊ ቅነ ዝፍለጥ ፈስቲቫል ርኢና ነይርና። እቲ ኻልእ ኣብ ዘመነ ሰውራ ኣብ ወጻኢ ብሓልዮት ህ.ግ. ዝተየደ ዝነበረ ፈስቲቫላትናዩ፡ እቲ ናይ ቦሎኛን ካልእ ፈስቲቫላትን ድማ፡ ዝያዳ ደምቀት ዝሁብ ዝነበረ ነተን ክኸድማ ኣብ ወጻኢ ዝኸዳ ዝነበራ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ብዘወፋይኦት ንሰኡ ንምዕዋት ዝነበርኦ ዝነበራ ጻዕሪዩ፡ እተን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምእንጋድ ጋሻ ከይተሓጽራ፡ ካብቲ ፈስቲቫል ገለ እቶት እንተ ረኺበን ናብ ሜዳ ይሰድዳ ከም ዝነበራ ይፍለጥ። ምኽንያቱ ኤርትራውያን ኣደታት ኣብ ሰደት፡ ቸሚንቶ እንዳምተን እናወልወላ ብጻዕሩ ኣስራሕተን እናተጻርፉ ንሰውራኦን ዝነበርኦ ዝነበራ ኣብርክቶ ኣብ ሎሚ ኳንካ ክትጸወየሉ ከቢድ ምንባሩ ወዲ ፈራዳይ የብርህ።

እቲ ኣብ ሜዳ ኣብ ማሰከረም 1987 ኣብ ዓረርብ፡ "ሃገራዊ ባህልና ይዓንብብ!" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ባህላዊ ቅነ ድማ፡ ኣካል ናይቲ ኣብ ወጻኢ ብሓልዮት ሓፋሽ ውድባት ሰውራ ዝተየደ ዝነበረ ኮይኑ፡ ካብ መውዳእታ 80ታት ድማ፡ ጉጅለታት ባህሊ ህ.ግ. በበዝተራ ኣብቲ ኣብ ቦሎኛ ዓመት መጸ ዝተየደ ዝነበረ ፈስቲቫላት ካብ ሜዳ እናኸዳ የማዕርግኦ ነበራ።

ኣብ ደሮ ናጽነት ነቲ ኣብ ቦሎኛ ዓመት መጸኦ ዝግበር ፈስቲቫል ንምስታፍ ሓንቲ



ጎደናታት ከሰላ ባናና ክሸየጥ ምስ ረኣዩ፡ "እውይ ባናና!" ብምባል ነቲ ድሕሪ ገለ ዓመታት ዝረኣዩ ባናና ክበልዕ ተሃንጠዩ። ዝ. ዝተዓዘበ ሰለሙን ጸሃዩ፡ ኣብቲ ዝተዋህበም ምሻርፍ፡ ባናና ገዝኡለም። እዚ ድማ ወዲ ፈራዳይ ድሕሪ ምስኣሩ ዝበልዖ ባናና ኣብ ከሰላ ከይከነ ኣይተርፍን'ዩ፡ ሽዑ ኣብ ከሰላ ዝነበረ ኤርትራዊ ኩነ ሱዳናዊ ነታ ጉጅለ ባህሊ ብምዕሩግ ኣጕቡብ ተቐቢሉዋ። ምኽንያቱ እቲ ግዜ'ውን ደሮ ናጽነትን ናይ ተስፋን እዋን ስለዝነበረ።

ኣባላት ናይታ ጉጅለ ባህሊ ድማ ባድላ ካራቫታ፡ ከዮ ጫማ ክሽክደን ከይበሉ፡ ነቲ ተጋዳላይ ዝሕበሉ ሽዳ ወደዮም ሚላኖ ተኸዲናም ኩሾሹ ኣብ ክሳዶም ጠምጢሞም'ዮም ካብ ሳሕል ናብ ኤውሮጳ ዝመረሹ። ካርቱም ምስ በጽሑ ከኣ፡ ክሳብ ዝበገሱ፡ በብዘለወዎ ኺደ እንክሎ ነቲ ኣብ ቦሎኛ ዝግበር ምርኢት ንምምዕራግ ኽፍሲ-ወከፎም ብትግሃት ክጽዕር ጀመረ።

ኣብቲ እዋን ከም መራሒ መደብ ቦሎኛ ምንቃሳ ኣብ ሱዳን'ውን፡ ምርኢት ኣቕሪቦም። ብፍላይ ኣብ ካርቱም ኣባላት ናይ'ታ ጉጅለ ባህሊ ምሸት ክዘወሩ ናብ ከተማ ምስ ወጽኡ፡ ወዲ ፈራዳይ ግን ምዝዋር ኣብ ጎደናታት ካርቱም ኣይተረኣየን። ኣብ ቦሎኛ ዘቕርባ ድራማ ጥራይ ክጽሕፍ፡ ኣብ ተረሶ ናይቲ ፖላሶ ደይቡ "ሲታይ ተላዒሊ ንኺድ ንዓድና" ብዝብል ኣርእስቲ ድማ ክጽሕፋ ጀመረ። "ሲታይ ተላዒሊ" ክብል ከሎ፡ እቲ ጉዕዞ ናይታ ጉጅለ ባህሊ ናብ ኤውሮጳ ካብ ኩነ ኣብ ቦሎኛ ምርኢት ከተቕርብ ካብ ኩነት፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ኣብ ሰደት ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ከርተት ስለ ዝበሉ ሕጂ በቃ ናጽነት ቀሪቡ፡ ኣብ ሰደት ዘለኺ ኤርትራዊት ናብ ዓድኺ ተመለሲ ንምባል'ዩ ደሪሱዋ። ወዲ ፈራዳይ ሓሳብ ልቡ ሰሚሩሉ እታ ኣብ ካርቱም ዝደረሳ ድራማ ኣብ ቦሎኛ ተራእያ። ክሳብ ሕጂ ከኣ ህብብቲ ድራማ ኮይና ትቕጽል ኣላ።

እታ ኣብ ፈስቲቫል ቦሎኛ ናብ ማእከል ተዓዛብይ ዝቐልዓ ከዕሶ'ውን ኣካል ናይቲ ምርኢት ነበረት። ዝ. ናይ ከዕሶ ምቕላዕ ኣቕዲሙ ኣብ ሱዳን ኣብ ዝተራእየ ምርኢት ከቕርባ ስለ ዝሓሰበ፡ ከዕሶን ቱታን ተገዚኡሉ ኣብቲ ኣብ "ናዲ ዙባጥ" ሱዳን ዝነበረ ምርኢት ቀለዕዋ ነይሩ። መልእኽታ ድማ ወዲ ፈራዳይ ኣብ ኣስመራ ተጻወታይ ከዕሶ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ግዜ እዋን እቶእቶን ደሮ ናጽነትን ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ፈታዊ ከዕሶ እግሪ ተወዳዳቢ ካብ ሰደት ናብ ሓራ ኤርትራ ተመለሱ፡ ኣብ ስታድዮማት ዓዱ ግጥማት ከዕሶ ንምኽያድ ካብ ዝብል ጸቡቕ ተስፋ



ኤርትራውያን ኣብ ቦሎኛ

ዝተዋጽኣት ጉጅለ ባህሊ ናብ ኤውሮጳ ክትብገስ ምስ ተወሰነ ምስገሩን ዘርኣዩ፡ ካብታ ዝነበራ ጉጅለ ባህሊ ሓለዋ ሰውራ ተጸዊዑ መራሒ መደብ ናይታ ጉጅለ ኮይኑ ናብ ኤውሮጳ ክብገስ ምኻኑ ተሓበሮ። ሽዑ ብቐጥታ ካብ ቦታኡ ናብ ዓራግ ተበገሰ። ንኣስታት ሓደ ወርሒ ድማ፡ ኣብ ደጀን ሳሕል ኮይናም ነቲ ኣብ ኤውሮጳ ዝግበር ምርኢት ንምድላው ተሸባሸቡ። ቀጺሊ ልምምድ ድማ፡ ኣብ ዓራግ ተገብረ። ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ድማ፡ ጉዕዞ ካብ ሳሕል ናብ ኤውሮጳ ኮነ።

እታ ጉጅለ ባህሊ ካብ ዓራግ ኣብ ዝባን ማካይን ተወጢሓ ኽቦታትን ኣጻጉልን ጡሓሒሳ ዶብ ሱዳን ሰጊራ ሱዳን ኣተወት። እታ ጉጅለ ባህሊ ከሰላ ምስ ኣተወት ወዲ ፈራዳይ ድሕሪ ምግዳሉ ንፈለማ እዋን ኣብ ተመዲቡ ዝነበረ ወዲ ፈራዳይ ግን ድቃስ ሰኣኑ። መደብ ክትመርሕ እሞ ኸኣ ኣብ ወጻኢ ቀሊል ኣይነበረን። ከምኡ'ውን ኣብታ ንሰሚእታት ዝተደርሰት "ፋኑስ ብርኪ ሲሎ" እትብል መዚቃዊት ድራማ'ውን፡ ምስ ብዓል ተፈኖ ክዋስኣላ ስለ ዝተባህለ፡ እዚኣ'ውን ዝያዳ ተደራቢት ዕማም ኮኑዩ። ወዲ ፈራዳይ ኣቐዲሙ ነታ ዝነበራ ጉጅለ ባህሊ 'ሓለዋ ሰውራ' መራሒ ኣብቲ ኣብ ዓረርብ 1987 ዝተገብረ ባህላዊ ቅነ ተሳቲፉ'ኳ እንተ ነበረ፡ ኣብ መንጎ ፈስቲቫል ሜዳ ኣብ ዓረርብን ፈስቲቫል ኤውሮጳ ኣብ ቦሎኛን ዘሎ ፍልልይ እናተረኣየ'ዩ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ወጻኢ ኣብቲ ምዕቡል ሃገር ዝበሎ ውቁብ ቃላት ክሓሪ ጥራይ ዘይኮነ፡ ባዕሉ ሓንቲ ድራማ ክዳሉ'ውን ጀመረ።

እታ ጉጅለ ባህሊ እቲኣ ቅድሚ ናብ ዝተበገሰ ምኽንያት ወዲ ፈራዳይ ኣብ ሎሚ ኮይኑ ይዝክር።

ወዲ ፈራዳይ ብዛዕባ ባህሊ ክዛረብ ከሎ፡ "ሓደ ግዜ ሰለሙን ጸሃዩ፡ 'ባህሊ ድምር ሓይልታት ማእቶትን ዝምድናታት ማእቶትን'ዩ፡ ባህሊ ዘይትንክፎ ነገር የለን። ምሉእ ህይወትና ባህሊ'ዩ። መንነት ብባህሊ'ዩ ዝግለጽ። ኩሉ ግዜ ባህሉ ዓቂቡ ዝጸንሐ ሕብረተሰብ ኣይሰዓርን'ዩ። ሰብ ብዘይማናቱ፡ ብደርፍኻ ክጸርፈካ ከሎ እንታይ ትብል? ካብዚ ተበጊስና ባህሊ ኣብ ህዋሳት ደቂ ሰብ ዝሰርጽ ዝደህስስን ዘይደህስስን መሰረት መንነት ሓደ ሕብረተሰብ ካብ ኮኑ ብቐጻሊ ክትሃንጾ ክትሕብሕቦን ልዕሊ ኹሉ ድማ ዓቂብካ ናብ ወለዶታት ክተመሓላልፎን ክተወራርሶን ይግባእ።' ብምባል ገሊጹዎ።" ብምባል ዝኸረሩ የጋፍሕ።

ይቕጽል...

## ዕላል ምስ ስዉእ ቀቅድሚ መስዋእቱ

ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ 2ይ ክፋሉ፡ ስዉእ መሉጌታ ኣምፔሮ ዝነገሮም ሓደስቲ ተጋደልቲ ሰሎሙና ኣብ ዝነበረ ቤ/ጽ/ሃንደሳ ናብ ዝተፈላለዩ ሽንኽ ሃገርና ፋሕ ከም ዝበሉ፡ ስዉእ ተወልደ ሃጎሱ በዓል ኣምፔሮ ንዝርከቦዎ ጉጅለ ሐዙ ንሚይ ወዑይ ከም ዝተመልሱ፡ ቀጺሉም ኣብ ሽዕብ ውግእ ከም ዝተኻፈሉ ተገሊጹ። ተወልደ ፍላንሳ ዝጠርናፈኦም ኣብቲ መሪር ውግእ ማህሚደ'ውን ከም ዝኣተዉ፡ መውዳእታኡ ኣስታት 11 ታንክታት ጸላኢ ድሕሪ ምምራኽን ምቅጻልን ጸላኢ ንባሕሪ ገጹ ህድማ ከም ዝተተሓላለዩ ኣዘንተዩልና ነይሩ - ኣምፔሮ። መቐጸልታኡ እንሆ፦*

**ንጸላኢ መዓስ ኢኹም ትሃጅምዎ ዘለኹም?**

ኣብ ራብዓይ መዓልቲ ኢና ሃጃምና ፋሕ-ብትን ኣብልናዮ። ብድሕሪኡ ብፍላይ'ቶም ሃንደሳ ንሕና። ኣነ ይዝከረኒ ካብ 45 ሰብ 18 ተጋደልቲ ኢና ተኣኪብና። ምስ ሓይልታት ተሓዊስና ኢና ኣቲና። ገለና ካብቶም ዝተረፍና፡ ደሃይ ናይቶም ዝተረፉ ክንነብር ንልኣኽ። ኣነ ምስ ካልኣይ ናይ ክልተ ኣባላትና ከኣታት ክንፈልጥ ኢና ተመዝጊብና። እቲ ሓደ 'መክተፍ' እዮም ዝብልዎ ሳንኣ። ናይቲ ካልኣይ ንደልዮ ዝነበርና ስም ኣይዝከርን። ክልቲኦም ከም ዝተሰውኡ ኣረጋጊጽና።



ካብ የማን ናብ ጸጋም ስዉእ ወልደ ሃገስ፡ ኮሎኔል ማሕሙድ እድሪስ፡ ሚጀር ተስፋይ

ብፍላይ መክተፍ፡ ከቢድ ብረት'ዩ ወዲቕምም። ሬሳኡ'ውን ክርከብ ኣይተኻእለን። ሓይልታትና'የም ከም ዝተሰውኡ ነጊሮምና። ከይድና ንተወልደ ፍላንሳ ነጊርናዮ። ድሕሪ'ቲ ውግእ ቦታና ኣዘዘራ'ዩ ነይሩ። ማርሳ ጉልቡብ'ውን ከይድና ነይርና። ካብኡ ናብ ዓቕ ተመሊስና። ክሳብ ደብዮት ሰራዊትን መኻይንን ዝመላለሱሉ ማስመር'ዩ ነይሩ። ኣብቲ ማስመር ብሓደጋ ማኪና ሰለስተ ኣባላትና ይሰውኡና። እታ ማኪና ነዳዲ ዝሓዘ ፈስቶታትን ሰናዱቕን ጽዒና ነይራ። እታ ማኪና ንሰለስቲኦም ተማሊኣቶም እናኸደት ከሲ'ያ ተገምጢላ። እቲ ፈስቶታት'ዩ ሃሪዩዎም።

ድሕሪዚ ቦታ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ስለ ዝነበረ ዘሮ፡ ፋሕ፡ ቀብርወት፡ ገርግር ኣስመራ ኣብዚ ቦታታ'ዚ ጸረ ማኪናን ጸረ ሰብን ነቶግዚ ክንቀብር ክሳብ ምዝዛም 6ይ ወራር ንጸንሕ። መራሕቲ ጋንታታትና ስዉእ ዓብደላ ሱሌማንን ስዉእ ሓደሽ የውሃንስን'የም ነይሮም።

**ድሕሪ 6ይ ወራርከ ናበይ ኣበልኩም?**

ኣብ ማእከላይ ቦታና ዓምበርበብ ሓይሊ ንእከብ። ኣብኡ ከኣ ተኽሊጥ (ምትሕንፋጽ) ንገብር። ብድሕሪኡ ጋንታና ንዓርካ ትወርድ። ኣነን ፍስሃጽዮን ዘርኣይን (ወዲ ብርጃዋ) ብስራሕ ናብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተመሊስና። ኩሉ'ቲ ኣብቲ ግንባር ዝተቐብረ ጸረ-ሰብ ነቶግዚ፡ ኣብ ገርግር ንዝነበረት ማስርዕ ከሊጾብ ኢና ከይድና። ኣረኪብናያ ኩኡ ንዓርካ ንምስሱ። ሰለሕታ ወራር ምስ ኩነ ሰጊርና ናብ ብዓል ጋዎታት ንመጽእ። ድሕሪ ጸላኢ ኢና ነይርና። ካብ ኣቑርደት ናብኡ ንዝመላለሳ ማካይን ከኣ፡ ፈንጂ ንገብር።

**ካብ ዘጋጠመካ ብፍላይ ትዝክር?**

ናይ ሶሊብ ድንብያ ኣሎ። መካይን ጸላኢ ካብ ኣቑርደት ብሶሊብ ገየረን ናብ ግንባር (ድፋዕ) ጸላኢ'የን ዝኸዳ። ኣብ ሶሊብ ዝበዝሐ ቦታ ከኣ፡ ድንብያ ንገብር። ንሕና ሃንደሳ ጋንታ ነይርና። ሓንቲ ሓይሊ ናይ ብርጌድ 23 መጺኣትና። መራሒኣ ጉብረዮናስ ዝበሃል'ዩ ነይሩ። ኣነ ኣርፒጂ (ጸረ- ታንኪ) ሒዘ ነይረ። 70- 80 ማካይን'የን ክመጽኣ ተባሂሉ። ኣጋጣሚ ሰለስተ ጥራይ መጺኣን። በቲ ሸነኽና፡ ጽርግያ ቁሩብ ፍንትት ኢላ'ያ ነይራ። እቶም ጥቓ ጽርግያ ዝነበሩ ነተን ሰለስተ ማካይን ኣቃጺሎመን። ኣብ ልዕሊ'አን ዝነበሩ ወተሃደራት ይቓጸሉ። እተን ማካይን ንብረት'ውን ነይሩወን።

**ናብ ፐርሶናል መዓስ ተሳሒብካ?**

ቀቅድሚ ኩናታት ባርንቱ (1985) እየ ዝተሳሓብ ዘለኹ። ማሕሙድ እድሪስ (ኮሎኔል) እዩ ከም ናይ ሓይሊ ፐርሶናል ስሒቡኒ። ሽዑ ካብ ጥቓ ገርንፈት'የ መጺኤ። ብድሕሪኡ ከኣ ንዝዊሕ እዋን ክሳብ ናጽነት ምስ ኮሎኔል እያሱ ኣርኣያን ኮሎኔል የሰፍ መሓመድን ከም ፐርሶናል በጥሎኒ ሰሪሐ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ስብኣዊ ድሕንነትን ተቐይረ እሰርሕ ኣለኹ።

ኣብ 2013 ስዉእ መሉጌታ ሰለሙን (ኣምፔሮ) ኣብ ደቡብ ሱዳን - ጁባ'ዩ ነይሩ። እንተ'ኾነ ካብ ጁባ ብዝነደደት ናብ ሃገሩ ደኣ ተመሊሱ፡ እንታይ'ዩ ኮን ኣጋጢሙ?

ሽዑ ናይ ቃልሲ ብጾቱ ማለት የናስ ሰዩምን ፍስሃጽዮን ወዲ ብርጃዋን ብምርድዳእን ብምትሕግጋዝን፡ ኣምፔሮ ናብ ኣስመራ ተመሊሱ ነብሱን ስድራ ቤቱን ዝናብዩሉ ኩነታት ንምፍጣር'የም መኺሮም።

እታ ኣብ ዕዳጋ ዓርቢ፡ ፍስሃጽዮን ወዲ ብርጃዋ ሒዘዋ ዝነበረ ባር ፋና፡ መሉጌታ ኣምፔሮ ከም ዝሕዛ ገበሩ። እታ ባር ምሸት ብምምዋል ምስ ኣዕለቕለቐትን ጸቡቕ ኣታዊታት ዝነበራን እያ። ኣምፔሮ ነቲ ቀሊል ዘይኮነ ናይ ባር ስራሕ ክለማመድን ክመልኮን በቒዑ።

ተጋዳላይ የናስ ሰዩም ብዛዕባ ስዉእ መሉጌታ ኣምፔሮ ዘለዎ ገምጋም ክገልጽ እንከሎ፡ "ኣብ ስርሑ ጥንቁቕ፡ ጠባዩ ዕገስ፡ ብፕሮግራም ዝሰርሕ፡ ንዘኸሉ ሰብ ክወቅስ ዘይህወኸ ተጋዳላይ'ዩ ነይሩ።" ይብል።

ቢንያም ሃይለ (ኩዱ)

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

## VACANCY ANNOUNCEMENT

- Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;
- ERT Captain
- Number required – (01)
- Type of contract – Indefinite
- Major Duties and responsibilities.
- • To provide emergency response capabilities for AMSC operations that focuses on protecting personnel, assets and the wider community (environment) and minimizes any potential detrimental impact that may result, for the benefit of AMSC.
- ERT Program and System Execution
- • Facilitate the implementation of Newmont ERT programs (i.e., fire, injuries, fatalities, Hazmat, recoveries, height rescues, confined spaces and ambulance services) to prevent and control loss due to emergency situations such as fire, hazardous chemicals and vehicle and/or heavy equipment accident response.
- • Mobilize the team to respond to the Emergency Rescue Plan system for permitted and high-risk activities, including working at heights, confined space entry; managing hazardous chemicals.
- • Supervise site-wide drug and alcohol testing program when required.
- • Oversee the adherence of the ERT Lieutenants and Members to all standard operating procedures and protocols for all Emergency Response activities.
- ERT Training Implementation
- • Identify and nominate individuals that need to receive formalized Fire Safety Training.
- • Oversee that ERT Lieutenants attend training and development programs to effectively deal with emergency situations (i.e., in Advanced First Aid, Extrication, Fire Fighting, Confined Space Rescue and High Angle Rope Rescue).
- • Safeguard on-site fire permit certifications.
- ERT Equipment Maintenance
- • Provide report backs to the ERT Coordinator on the state of all ERT equipment, including fire detection and fire prevention equipment on site.
- • Initiate any maintenance requests required for the amendment of ERT equipment.
- ERT Data Entry and Reporting
- • Provide data to be included in monthly reports compiled by the ERT Coordinator on all ERT activities carried out for the period.
- ERT Operational Execution
- • Assist in driving regular drills to reinforce training activities for both medical and ERT personnel.
- • Implement effective response plans communications and coordination at all levels.
- • Support the drafting of Standard Operating Procedures (SOP's) concerning new ERT equipment.
- • Participate in providing feedback in periodic reviews after every simulation drill and/or actual event to assess the success of the response.
- • Coordinate the rescue and recovery of both individuals and property by responding to emergency calls timeously.
- Team Leadership
- • Supervise allocated staff member(s) by:
- • Prioritizing and allocating tasks / responsibilities.
- • Checking and controlling the quality of work outputs.
- • Deputies the ERT Coordinator, as and when required.
- Profile: Qualifications and Experience
- Formal Education, Certifications or Equivalents
- •Bachelor's Degree or HND in Health Safety and Environment or Engineering
- •Heavy Vehicle Driving License.
- •Basic Life Support Certificate is preferable.
- •Prior knowledge in rope rescue techniques and First Aid administration is preferable.
- Working Experience – Nature & Length
- •Minimum of 4 - 5 years' working experience in an Emergency Response environment.
- Technical Skills
- •Sound incident management skills.
- •Strong decision-making skills.
- •Strong computer literacy skills - MS Office (Word, Excel, PowerPoint).
- •Strong planning, organizing and prioritizing skills.
- •Sound information monitoring and management skills.
- •Advanced communication (written and verbal) English and Tigrinya language ability
- Behavioral Skills
- •Tenacity | Assertiveness | Reliable | Results Driven | Integrity |
- •Proactive | Resilience | Safety Consciousness | Detail Focus
- •Helicopter Perspective | Endurance | Environmental Scan.
- General Information and other requirements:
- ☐ Place of Work: Debarwa
- ☐ Type of contract: Indefinite Period
- ☐ Salary: As per the Company salary scale
- Additional requirements for Nationals:
- •Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- •Present clearance paper from current/last employer.
- •Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- •Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- •Application documents will not be returned to the sender.
- •All applications should be sent through the post office.
- •Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- ☐ Address: Please mail your applications to;
- Asmara Mining Share Company,
- P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- ☐Applicants shall be required to send a copy to:
- Mineral Resources Management
- P.O. Box – 272
- Asmara
- ☐Note to Eritrean applicants:
- Please send a copy of your application to
- Aliens Employment Permit Affairs,
- P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# መዝሙር "ውድብና"

ኣብርሃም ዘርኣ
(ወዲ-ሃለቃ)

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልስና ንስለ ክብረትናን መሬትናን ንሓይሊ ሓድነትናን ፍቕርናን ዝዘዝመሩ ብዙሓት እየም። ዓው ኢሎም ንምስሊ ሓቢን ጸገምትን ህዝብና ኣጋዊሖም። ብትብዓት ንመትከላዊ ቃልሲ ምዑት ህዝቢ ነጊሮም። ዋልታን ድርዒን ኮይኖም ተጋዲሎም። ንሎሚ እምበኣር ብምኽንያት ዝኸሪ ባዓል መስከረም ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነታ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልስና ዝፈረየት "ውድብና" ዘርእስታ ቅኒት ህዝቢ ኤርትራ ዝሸኑት መዝሙር ማእከል ብምግባር ዞዳለናዮ ጽሑፍ እነሆ።

እዛ "ውድብና" እትብል መዝሙር ኑቲ ብጦዙኣቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ጭቆናን ግፍዒን መኸተምታ ዝጉበር መድረኽ ከምእተበገሰ ተበስር እያ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ህዝቢ ተወሊዱ ዝዓኾኹ ንስለ ሓፋሽ ዝቃለስ መሪሕ ደሃይ እያ ተቃልሕ።

ትልሚ ሕደማ ናደዚ መዝሙር ንመትከልን መግነትን ሓፋሽ ብገጸር ንምንጋር ዘንቀደ ድምጺ ህላወ እዩ። ንጸገምትን ዘይተዝበርኻኸኩትን ንቕሓቶን ፍትሓውን መሪር ቃልሲ ብወሆድ ቅኒታቱ ከየጊር ዝጀመረ ዘይንቕንቕ ሓብሪ እምነትና። ንስለ ረብሓ ወጹዕ ህዝቢ ኣዕኑድ መትከላት ቃልሲ ንምትራር በቲ ሓዴ፡ በቲ ካልእ ድማ ዝሰመረ ኣውታር ድምጺ ደቂ ሓለል መሬት ንምብሳር። ሬልሲ ተልእኾኡ ድማ ኑቲ ዘይጸዓድ ትልሚ ቃልሲ ንምጉልባትን ንምጉላሕን እዩ። ከም ዋልታ ተገዚርካ ንዛገርካ ኣብ ዓማጺ ንምክልኻልን ኣብ መምዙኣቲ ናጻ ንምውጻእን እዩ መቓልሕ ውድብና።

**ገጽና በሪሁ**
**ድምቀት ወሲኹ**
**ኣብ ኩሉ ከርንዓት ምድርና**
**ፊት መሪሕ ኩይና ውድብና።**

እቲ ሰውራዊ ውድብ ኩቡስ እንክሎ፡ ዝኒፍ ዕላማን ራእይን ኣለዎ። ኣብ ናይ መጨረሽታ ሸቶኡ ክበጽሕ እንተ ደኣ ኮይኑ ድማ፡ ብቐሊሊ ሰረተ እምነት መርሓኡን ሓሳቡን ብጦዙአ ክህዝ ኣለዎ። ንጸር ራእይን ቅኑዕ መሪሕነትን ዓሚቝን ኣድማዒን ኣተሓሳስባ፡ ዘይፍርከስ እምነት፡ ተወፋይነትን ቅሩብነትን ሓፋሽ እዩ ኣብ ቃልሲ ከዐውቶ ዝኽእል። ግብሪውን ንጡፍ ምንቅስቓስን ድማ ንመንፈስ ቃልሲ እቲ ህዝቢ የዕብዮ። እዛ ብማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ዝፈረየት መዝሙር ድማ ናይ'ዚ ዘልዓልናዮ ጠርናፊ ኣርእስቲ ግርምቲ ኣብነት እያ።

ኣብዘን ልዒለን ተዘርዚረን ዘለዋ ስሑ ጥኑቡዊ ዕዮ ማይቤታት ድማ ሓደ ርቐቕ ዝበለ ኣገላልጻን መልእኽትን ተደኪኑ ኣሎ። ንጉዕዞ ህላወን ሓይልን ቃልሲ ናይ'ቲ ሓፋሽ ብድምቕ ብርሃን ተወኪሉ ንረኽቡ፡ ንትርጉም መሳልል ሰውራዊ ቃልሲ ብምንጻር፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንሓቀኛ መንገዲ መሪሕነትና ክትንትን ንዕዘቡ። ስለ'ዚ ድማ'ዩ "ፊት መሪሕ ኩይና ውድብና" ብምባል፡ ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢን ተጋዳላይን ኤርትራ ብኣርባዕተ ማእዘን ንዓለም ብልሳን ጥበቡ ከውግዮስ እንርእዩ። ምስጢር ሓይልን ተወፋይነትን ህዝቢ ኤርትራ ምስጢር ውዓብ ስለ ዝኾኑ፡ ሓያል ውዓብ ድማ ሓያል ውድብ ፈጢሩ፡ እታ ሓርነታዊት መዝሙር ትቕጽል፡

**ፍትሒ ነፊሱ**
**ዓፋይ ሓሪሱ**
**ህዝባዊ ስልጣኑት ለሚሉ**
**ልዕልና ተባዕታይ ኣኽቲሙ።**

ኣብዛ ግራት ግጥሚ እዚአ እንተ ደኣ ርኢናዮ ከኣ፡ ሳላ ዕዙስን ንቑሕን መሪሕነት ቃልስና፡ ንፖለቲካውን ማሕበራውን ባህላውን ደረጃን ከኑተ ኣተሓሳስባ ክገልጽ ደረኡ። ንሰላምን ፍትሕን ከልዕል ጁሒሑ፡ ንምሕደራዊ ከርናዕ ይትንትን፡ ንማሕበራዊ ናብራ ተናኺፉ ንምክብባርን ምዕሩይነትን ይሕብር። ብዓብዩኡ ድማ ብኣንጻሩ ጭማሪ ኩናት ንመርሓን ጌኣገሽ ዕብየት ቃልስና ይኸልል፡ ኣብዘን መስመራት እንተ ደኣ ተዓዚብናዮን "ፍትሒ ነፊሱ፡ ዓፋይ ሓሪሱ፡ ልዕልና ተባዕታይ ኣኽቲሙ" ዝብል ዝጠቓለሎ፡ ውድብና ናይ ሓፋሽ ውድብ እዩ። ሰረቱን ዓንዲ ማእከል ተበግሶ ቃልሱን ኣብ ሓፋሽ ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ድልዱል ገይሩዎ። ካብ ዓይኒ ማይ እቲ ደላዩ ንፋስ ሓርነት ስለ ዝዘብበስ ኮይኑ ከኣ ክሰርር ዝኸኣለ። ትኻእለናን ሓቀኛን ውድብን መሪሕነትን ኣብ ሓደ ቅርዓት። ሓይሊ ህልውናኡ ኣብ ሓዳድ ጉዕዞ ጸገምቱን ሰውራዊ መትከሉን ዝተሰረተ እዩ። ስለ'ዚ እዩ ድማ'ዚ ናይ ህዝቢ ውድብ ዝፍንቅል ሓይሊ ዘይተረኽበ፡ "ንሕናን ዕላማናን" ከም ሻሙ ትም ኢሉ ኣይመጸን። ህዝባዊ ግንባር ኣዓንቲ ንስሪ ዝውንን ደርማስ ናይ ህዝቢ ውድብ እዩ። ኣርሒቑ ዝማዕደወ ንመርገጸን ንጹር ዕላማን መትከልን ሓድነትን ህዝቢን መሪሕነትን ድማ የማኣኸሉ። ኣብ ውሽጢ ሓፋሽ ዓኺኹ ተመሊሱ ንዕኡ የገልግል። እታ እንኮ እትውክሎ ውድብ ምኳና ካብ ትርጉም እዛ ግራት ቃጽያ ግጥሚ ክንርድኣ ንኽእል። ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ወላዲ ሓርበኛ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝኾኑ፡ እቲ መዝሙር ኣብዚ ደው ከይበለ ከምዚ ድማ ይብል፡

**እና ንቓልሲ በጽሕና**
**እና ኣብ ጉዳጓ በሊሕና**
**እና ሴፍና መሊሕና**



ውሕሉልን ቁጡብን ኣገላልጻ ንረክብ ኢና። ካልእ ዝርዝር ከውጾ ዝኽእል'ኳ እንተኾኑ ንዘተሓልፈ ሕልኽላኽን ቡዳሪ መድረኻትን የንጸባርቕ። ኣብዚ ኣገላልጻ እዚ፡ ልዕልናን ኣብታዊ ትምክሕቲ ወዲ ተባዕታይን ማዕረ ክንደይ ርእሱ ዝኸኣለ ቃልሲ ከም ዝሓለፈ'ውን የብርህ። በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ንፍትሕን ማዕርነትን የጉልሕ። ኩሉ ኸኣ ብንቕሓት ከም ዝተሰገረን ከም ዝተሳዕረን ይነግር። ብሓፈሻ ኣብዘን ፍቕዲ ማይቤታት፡ ሳላ'ቲ ነቕ ዘይብል ድልዱል ጸገምት ህዝቢ ጉዳይ ሽቕሉን ማሕረሱን ብኽፊል ህይወቱ ክመርሕ ከም ዝኽእል ከተንብሆውን ይፍትን። ብሓፈሻ ንህርኩትነትን ጻዕርን ንግዙብራውነትን ንንቕሓት ህዙብ ምስ መሪሕነቱ ብምጥማርን ብምትግእስሳርን ከራጉዶን ከሀንብጦን ደረኡ።

**ውድብና ህዝባዊ ውድብና**
**ዓንዲ ተጋድሎና**
**ውድብና ዋልታ ኤርትራና**
**ንሻያ ሓንትን ወለዲትን ጉዳይና።**

ብመሰረቱ ከምቲ ልዕል ኣሊና እና ተብሎና ንኽብሪ ንውፊ መሪሕና።

ኣብዚ ሃገሐታት'ዚ ናብ ቀራጽነትን ሓሞትን ትብዓትን መስዋእትን ክመርሕ ደረኡ። ሓይሊ ጸገምት እቲ ውድብ ዝፈጠርን ዝመልመሎን ኣእምሮ፡ ኣብ መትከልን ሓድነትን ደው ይብል። ኣንጻር ዝኒፍ ጸላኢን ሓይልን ክቃለስን ክቐንፅን ደረኡ። ንኹሉ ድማ ድልው ይኸውን ስለ ዝኣምን። ኣብ ዕላማኡ ጠጠው ኢሉ ንስለ ክብረት ህዝቡን ሃገሩን ክወድቕ ንዕዘቡ። ይምክት፡ ይመርሕ፡ ኣብ'ቲ ዝኣምኖ ሓቀኛ ማስመር ውደቡ ድማ ይውፊ። እዚ ከኣ ኣብ መትከል ዝተነደቐ ዕትብቲ ወይ መላግቦ ህዝቡን መሪሕ ውድብናን እዩ። ኣብዚ ማይ ቤታት'ዚ "ኣብ ጉዳጓ በሊሕና፡ ሴፍና መሊሕና" ዝብል መግለጺታት ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ዛ ወርሒ እዚአ ብሕረቱ ሱ ነኺሱ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክጅምር እንክሎ፡ ዝተመንዘዐ ክብሩ ንኽመልስ ዕጥቃዊ ቃልሲ ፈሊሙ። ምስ በርኻ ድማ ንዝዊሕ ዓመታት ተመሓዚዩ። ጉዳጓ ከም መብረድ ሰሓልዎ። ኣብ ቅኑዕ መትከል ተሰሪቱን ኣሚኑን ንኹሉ ሰጊሩዎ። ንሓያል ረጸሚን ዝተሓላለኸ ከበድ ጉዕዞን ሰዒሩ ብፍትሓዊ ቃልሱ ጸብለል ክብል ኣኽኢልዎ እዩ። ስለዝቕሐ ንመድረኽ ጥፍኣትን ከውታን ብቐልጽሙ ሰዒሩዎ። ሴፉ መዝዙ ተቛሻሚዱ፣ ብዓወት ጸብለል ኢሉ። ግምጃ ሓርነት'ውን ተሰሊሙ። ምስጢር ውድብና ምስጢር ትብዓትን ወኒ ምቅሳስን ተወፋይነትን ኣርኣያ መስዋእትን ስለዝኾኑ። ብኹሉ መኣዝን ግንባራት ኣስጢሙ ጉብለል ኩይኑ - ውድብና።

**ንቕሓት ዓጢቕና**
**ሓቅነት ጨቢጥና**
**ናይ ዓለም ሓያላት ገጢምና**
**ሜዳና መስከረት ጸገምትና።**

ዓወት፡ ናይ ሓደ ብሓድነት ዝቖመ ቃልሲ ንቕሓት እዩ። ዘይንቑሕ ህዝቢ፡ ደቂ ዛገራ ክኸውን ግዜ ዘወሰደሉ ኣይኮነን። ከም ቅጫ ዕፉን ይምምግዕ። ከምኡ እንተደኣ ኮይኑ ዘውንዖ መትከልን ውድብን ኣይህሉን። ምኽንያቱ ናይዚ ከኣ ንቕሓት እዩ። ንቕሓት ከኣ ዕጥቂ እዩ። ዕጥቂ ከኣ ሓሞት ህዝቦኻ የደልድል። ሓፋሽ እንተንቐሒ ይውድብ፡ ይዓጥቕ ብድሕሪዚ ኣንጻር ወራሪ ሓይሊ ይቃለስ። ቃልሱ ድማ ኣብ ሜዳ ብዙሞሮ የርኢ። ቃልሲ ውድብና ድማ ዝ ሓቂ እዚ እዩ ዘማስክር። ኩሉ ድማ ሳላ ንቕሓትን ጸገምትን ዝተጠርየ እዩ።

**ድሕሪት ክንቀብር**
**ጥሜት ክንሰግር**
**ሕማማት ክንፍውስ ጥዕና**
**ከብቅዕ ዘመን ድንቁርና።**

ስልጣኑ ናይ ሓደ ህዝቢ ብንቕሓት ይረጋገጽ። ደርቅን ጥሜትን ብጻዕርን ትግሃትን ይሰገር። ብሓብራዊ ወፈራ ምድፋን ድንቁርና እዩ ዝኸወን። ጻዕርን ዓያይነትን እንተደኣ ውሒሱ፡ ዓፋይ እንተደኣ ሓሪሱ፡ ስልጣኔታት እንተደኣ ነፊሱ ድኽነት ነሪ-ነሪ እዩ ዝሃውን። ንጸላኢ ተወዛሪድካ ንኸይትምክኑ ዝዝበር ዝፀበዩ ጸላኢ፡ ድኽነት እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ማዕረ ማዕረ'ቲ ወራር፡ ርእሰኻ ምኽኣል ዝበል ንጹር ሸቶ ብምሓዝ'ውን ኣንጻር ድኽነት ተቓሊሱ እዩ። መዓንጣኡ ሸጥ ኣቢሉ ድማ ብጸገምትን ንቕሓትን ከም ዝሰገሮ እዚ ህንጻ ግጥምታት ይምገርና።

**ሃገርና ክህጽ ፍራሳ**
**ሃገርና ጸጋ ክሕፈሳ**
**ሃገርና ዕብየት ክውረሳ**
**እቲ ፋሕተርተርና**
**ርእሱምኽኣል'ዩ እምነትና።**

ኣብ'ዚ መስመራት እዚ ንድሉውነት ጻዕርን ሕውየት ሃገርን የዘኻኽር። ነታ በልጺጋን ብቐጣብ ዓቢያን ክርእያ ዝደሊ ናይ ጸባሕ ሃገሩ ክሰኣላ ይረኡ። እዚ ድማ ብዙባዕ ኣእምሮ ውድብዩ ዝረጋገጸ። ኑቲ ብሓይልን ገዛጸን ዝየኸወ ትሕተ ቅርጺ ከሃንጽ ይብለ። ንዘወደቐ ይነድቕ። ንጥቕሚ ሓፋሽ ኣብ ጸገምት ዓሪዱ ከሃንጸን ከልምዕን ይብህግ። ሃገርን ህዝቢን ክየብን ክየዕየዕን እንተደኣ ኮይኑ፡ ብርእሱ ምርኩሳ ኣሚኑ ክጉዓዝ ከም ዘለዎ ድማ ይምግር። እቲ ዝየለየ ሕርያ ንሱ ምኳኑ ጥራይ ይኣምን። ካብ ተጸባይነት ሓራ ብምኳኑ ኣብ ጸንዕ እምነት ተወጢሒካ "ክሰምሮ'የ እኽእሎ እየ" ከተድምጽ ከም ዘሎካ ይምግር። ንስኻ ኑብሰኻ እንተ ኽኢልካ ሃገር ድማ ኑብሳ ኽኢላ ደው ከም ትብል ይመክር- መዝሙር ውድብና። ኣብ ምዝዛም ናይዛ ሕመረት ቃልስና ዝሸኑት መዝሙር፡ ከምዚ ዝስዕብ ክዘርእ ንዕዘቡ።

**ውድብና ንዘይዝረግ ሰላም**
**ውድብና ንዘይቅጽ ለምለም**
**ውድብና ንዘይጠፍእ ብርሃን**
**ትቃለስ ክሳብ ሃገርና ትሕደስ።**

እናበሉ ቆፎ ትሕዝቶ መዝሙር ሓርነት ይዛዘም። ቀንዲ ዕላማ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ብሩህ እዩ። ሓቒቕ ሰላም፡ ብምድማይ ሰውራዊ ቃልሲ ጥራይ ከም ዝረጋገጽ ኣሚኑ ከም ዝተጎዓዘ ይሕብር። ዝ ከተግብር ድማ ንዓሻ ከውታ ደፊሩ። ዝናኡ ድማ ዓለም ኣናጊሩ። ካዕ ዝበለ ዘልኣለማዊ ሰላም ኣፍሊሱን። ኣብ መውዓእታ ድማ ኣንጊሱን። ዘይሞታ መትከልን ሓቅን ሓድነትን ተኾልኪሉ ንሰላምን ናጽነትን ኣብ ምዕራፊን ኣብጺሒወን። ኑቲ ሻሕኳር እዋን ሰዒሩ ንሰላም ኣብ ኩቡሊ ክብሪ ሰቒሉዎ። ኣብቲ ማይዶ ጸባ ቅልስ ንዝተረመሰ ቀጣብ ሃገር ንኽሕድሶ ብሓደ ከም ንህቢ ብወፈራ ዓሚሙ። ሰላምን ፍትሕን ሓቅን ማዕርነትን መትከልን ሓድነትን... ድማ ክሳብ ሕጂ ዘይጠፍኣ ሰምዒ ቀንዴል ውድብና ኩይኖን ደርኪቡ። ዕላማ መዝሙር ውድብና ብምኽንያት ባዓል መስከረም እምበኣር፡ ዝ ኩሉ ኣብዚ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ታሪኻዊ ሓቅታት ሓርነታዊ ጉዕዞና እዩ ዘጉልሕ። ብኣጠቓላሊ ክረኣ እንክሎ ዕላማ መዝሙር ውድብና እምበኣር፡ ሰላምን ክብርታት ልኡላውነትን ምዕቃብ፡ ሓድነት ብምድልዳል ሃገር ምህናጽን እዩ። ልሳን ውድብና።





## መስከረም ምጭወቲ

ኣብ ባሕቲ መስከረም ደምጺ ተሰሚዑ
ኣብቲ ታባ ኣዳል ሽግ ተወሊዑ
ኩሉ ተሳዊሩ ከይጠፍአ ቀጊልዑ
ሓፋሽ ብሓጎስ ጎሲዑ
ደሃይ ናይ ነጻነት ነጎዳ ሰሚዑ

ነቒሉ ካብ ባርካ
ኣርዑት ናይ መግዛእቲ፡ ነታ መቕሓ
ክበትካ
ኣብ ሳሕል ኣዕቂሉ፡ ክትርንዕ ክደሉ
ጸላኢ ክየሉ

ብወገን ደንካልያ ሰሙቲ ኣሳዊሉ
ዓሉ፡ ባሕሪባራ ደጀን መሪሕነት ሰውራ
ኣብቲ ናይ ፊልማ መናሃርያ ኣውራ
ናይ ሱብ መትከል ሱብ ንጹር ዕላማ

ብልሑ ፍላጽ ዓሪ፡ ከምዚ ጽንጽሕለ
ኤርትራዊ ኅምበሉ፡ ኣብ ርትዒ ዘዕቀለ
ሰዊዱ እነሀለ

እናሻዕ ዙብረቕርቕ
ማስተንክር ዝወርቕ
ትርፉ ቀርማሕማሕ ኣብቂዑ
ጨርባሕባሕ
ለሚጹ መንገዲ ጸሪጉዎ ከርኣሕ
ጉዕዞኡ ከጣጥሕ
ቀዲዱዎ ካናሉ፡ መሬት ክዙለ
ዝፍንብ እናዋህለለ፡ ባይታ ክዕንግለ
እጅግ ሰብሰቡ ንልምዓት ዘትከለ
ብውሽጣዊ ዓቕሙ ርድኣኒ ከይበለ

ሕጃስ ቀሲኑዩ ኩበርበር ማዕድናት
ቲዕቲዕ ኢሉ መሬት ከም ሰናይ
ክራማት
ወይልኡ ዘቋምት ኣብ ናይ ዋናታት
ሕዝእቲ
ምእንትኡ እንድዩ ከፊሉ ቀያሕቲ
ዘዚሙዎ ኩሉ ጉዕዞ ናይ'ታ ባሕቲ
መስከረም ምጭወቲ

እድሪስ ሰዒድ
ኣብል ሓ/ባሕሪ - መ/ማ/ደንገሎ

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ጋንታ ኲዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ክለብ ደንደን ናብ ኬንያ ተበጊሳ

ኣብ ሻምፕዮን ክለባት ማእከላይን ምብራቓን ኣፍሪቃ (ሴካፋ) እትሳተፍ ጋንታ ኲዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ክለብ ደንደን ትማሊ ቀዳም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ናይ መፋነዊ እንግዶት ተገይሩላ። ኣብዚ ናይ መፋነዊ መደብ፡ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ማሕበርነም ኤርትራውያን ኣብ ኬንያ ንተጻወትቲ'ታ ጋንታ ብድምቀት ንምቕባል ተዳልዩ ኸም ዘሎ ድሕሪ ምሕባር፡ ዘለወን ናይ ኲዕሶ እግሪ ተመክሮ ቀሊል ከም ዘይኮነ፡ ነተን ብኣካላዊ ብቕዓት ክበልጻኣን ዝኽእላ ተወዳደርቲ ጋንታታት፡ ብፕቡብ ብራሕን ርእሰእምነትን ክምክተኣን ምዒዱ። "ንሽኻትክን ጥንዴራ ሃገር ኢኺን" ዝበለ ጀነራል ፍሊጶስ፡ ስም ሃገረን ከድምቓ ዘለዎ ተስፋ ብምግላጽ ናይ ገዝዘብ መተባብዒ ገይሩለን።

ኣሰልጣኒ ናይ'ታ ጋንታ ረዘነ ዝብረርግሽ ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወቕቲ ስፖርት ክለብ ደንደን ሻምፕዮን ምኳና ብምጥቃስ፡ ዚ ውድድር እውን እኹል ልምምድ ብምግባር ተዳልያ ከም ዘላ ኣብሪሁ። ኣሰዪቡ፡ ዋላ'ኳ ተጻወትቲ ደንደን ብኣካላዊ ብቕዓት ናይ መጋጥምተን ክበለጻ ግምት እንተ ሃለወ፡ ንዊሕ ዓመታት ብሓንሳብ ዝተጻወታ፡ ተመክሮን ምንዛበን ስለ ዘለወን፡ ብቴክኒክን ቅልጣፈን ጸቡቕ ጸወታ ብምጽብራቕ ንወጽኢት ክቃለሳ ምዃነን ገሊጹ።

ወከልቲ ተጻወትቲ ሰገን ኣብርሃም፡ ሰለ'ቲ ኢተገበረለን እንግዶትን ምትብባዕን ንጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ ድሕሪ ምምስጋን፡ ስም ሃገረን ንምድማቕን ወጽኢት ንምምዝጋብን ብሒሕን ጥኑበን ከኣለን ክዝብራ ምዃነን ቃል ኣትያ። 23 ተጻወትቲ፡ 7 ደማ ኣሰልጣንን ተሓጋገዝትን ዝጠርነፈት ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ ዝኾነት ጋንታ ኲዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ደንደን ሎሚ ናይ ንጉሆ ናብ ኬንያ ክትብገስ እያ።

ሻምፕዮን ክለባት ማእከላይን ምብራቓን ኣፍሪቃ (ሴካፋ)፡ ካብ ኣርባዕተ መስከረም ክሳዕ 16 መስከረም፡ ኣብ መንጎ ትሽዓተ ጋንታታት ኣብ ኬንያ ክካየድ'ዩ። ኣብ ምድብ ሓደ ምስ ኬንያ ፖሊስ በለትን ናይ ኡጋንዳ ካምፓላ ከዊንስን ተደላዲላ ዘላ ደንደን፡ ሸውዓተ መስከረም ኣንጻር ኬንያ ፖሊስ በለት ቀዳማይ ጸወታኣ ክተካይድ'ያ።





## ዞባ ማእከል፡ ውድድራት ኲዕሶ መርበብ ግራስሩት የካይድ ኣሎ

ፌደረሽን ኲዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ተኻእቲ ተጻወቲ ኲዕሶ መርበብ ንምፍራይ ዓሊሙ፡ ካብ 29 ነሓሰ ኣትሒዙ ውድድራት ኲዕሶ መርበብ የካይድ ኣሎ።

እዚ ሎሚ ዓመት ንፈለማ ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ መደብ ክረምታዊ ውድድራት ግራስሩት፡ ንኽልተኡ ጾታ ዝሓቑፉ ዕስራ ጋንታታት ይሳተፋኦ ኣለዋ። እዘን ኣብዚ ክረምታዊ ውድድር ዝሳተፋ ዘለዋ ጋንታታት፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 15 ትሕተኡን ዝርከባ ዓሰርተ ጋንታታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ክሊ ዕድመ 16ን 17ን ዝርከባ ዓሰርተ ጋንታታት እየን።

እዚ ኣብ ሜዳ ቦቾፊላ ዝካየድ ዘሎ ውድድር ግራስሩት፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 15 ትሕተኡን ዝርከባ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ባሕቲ መስከረምን ደምበሰምባልን ኣብ ዘካየድኦ ግጥም፡ ባሕቲ መስከረም 2-ብ0 ክትዕወት እንከላ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ዝርከባ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት ጋላ ነፋሒን ኣዱሊስን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ ድማ ጋላ-ነፋሒ 2-ብ0 ሰዒራ። ኣብ ክሊ ዕድመ 16ን17ን ዝርከባ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት ጋላ-ነፋሒን ደምበሰምባልን ኣብ ዘካየድዎ ግጥም ከኣ፡ ጋላ-ነፋሒ 2-ብ0 ረቲዓ።

እዚ ክረምታዊ ውድድራት ግራስ ሩት ኣብ ዝመጽእ መዓልታት'ውን ክቕጽል'ዩ።

## ናፖሊን ዩናይትድን ኣብ ዕድጊ ሆይለንድ ተረዳዲአን

ሻምፕዮን ስሪኣ ዝኾነት ናፖሊ፡ መሊቕሒ ሽዱሽተ ሚልዮን ዩሮ ብምኽፋል ንራስሙስ ሆይለንድ ንዓመት ምልእ ምስኣ ኽተጻውቶ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ተረዳዲኣ።

ናፖሊ፡ ኣብዚ ዓመት ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘሰጋገራ ደረጃ እንተ ሒዛ ድማ፡ ነዚ ተጻዋታይ ብ44 ሚልዮን ዩሮ ብቐዋምነት ክትዕድጎ ክትግደድ እያ።

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ካብዚ ዴንማርካዊ ተጻዋታይ ብዙሕ ትጽቢት ብምግባር፡ ኣብ 2023 ካብ ኣትላንታ ብ64 ሚልዮን ፓውንድ ኣምጺኣቶ። ይኹን እምበር እዚ ወዲ 22 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ነቲ ትጽቢት ዝተገበረሉ ጠለብ ዩናይትድ ከማልእ ኣይከኣለን። ሚልያ ማንቸስተር ዩናይትድ ለበሱ 95 ግጥማት ከካይድ እንከሎ፡ 26 ሸቶታትን ሽዱሽተ ቀረብት ንሸቶን ጥራይ'ዩ ገይሩ።

ብሆይለንድ ተሳፉ ዝፎረጸት ዩናይትድ፡ ኣብዚ ዓመት 200 ሚልዮን ፓውንድ ብምውጻእ፡ ሰለስት ወሰንቲ ኣጥቃዕቲ ኣፈረማ ትርከብ።

እዚ ኸምዚሉ ኸሎ፡ መሸጣ ብራዚላዊ ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣንቶኛ ከም ዝተሰረዘ ተሓቢሩ። ኣንቶኛ፡ ኣብ ካልኣይ ወቕቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ናብ ስጳኛዊት ክለብ ርያል በቲስ ብልቃሕ ተሰጊሩ ነይሩ። ምስታ ጋንታ ብምኳን ትሽዓተ ሸቶታት ከቀጽር እንከሎ፡ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኮንፈረንስ ሊግ ንኽትበጽሕ ድማ ልዑል ግደ ኣበርኪቱ። በዚ ዝበረ ኣስተዋጽኦ ኸኣ፡ ርያል በቲስ ብቐዋምነት ክትፈርሞ ምስ ዩናይትድ ዘርርብ ክተካይድ ጸኒሓ። ደሞዝ እዚ ተጻዋታይ ልዕሊ ዓቕማ ስለ ዝኾና ድማ ካብ ዕድጊ'ዚ ተጻዋታይ ከም ዘንሳሓበት ሓቢራ። ወዲ 25 ዓመት ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ኣንቶኛ ሓደ ኻብቶም ሓሙሽተ ብዩናይትድ ዘይድለዩ ተጻዋቲ'ዩ።



## መደብ ጸወታ ሎሚ ሰንበት

**ፕሪመር ሊግ**

| | |
|---|---|
| ብራይተን-ማንሲቲ | 6:00 ድ:ቐ |
| ኖቲንግሃም-ዌስትሃም | 6:00 ድ:ቐ |
| ሊቨርፑል-ኣርሰናል | 8:30 ድ:ቐ |
| ኣስቶን ቪላ-ክሪስታል ፓላስ | 11:00 ድ:ቐ |

## ሃገራዊ ውድድር ኲዕሶ ሰኪዐት ተጀሚሩ

"ቅኑ ዓቢ ኩባ ንሃገራዊ ውድድራት ኲዕሶ ሰኪዐት፡" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተዳለወ ሃገራዊ ውድድር ሻምፕዮን ኲዕሶ ሰኪዐት ኤርትራ ትማሊ ኣብ ሜዳ ቦቾፊላ ፈሊሙ።

ኣብቲ ኮምሽነር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሉ ኣብ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ሓላፊ ምክትታል ሃገራውያን ፌደረሽናት፡ ኣሉምፒክስን ፓራ ኣሉምፒክስን ኮ/ል ሰለሞን ሰዩም፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ ሰኪዐት ኤርትራ ኤንጂነር ሄኖክ ኣሚኑ መርቐም ዝኸፈትዎ ውድድር፡ ብኽልተኡ ጾታ ካብ ኩለን ዞባታት ሃገርናን ሚ/ምክልኻልን ዝመጽኣ ጋንታታት ተረኺበን ነይረን።

ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ዕለት፡ ኢንተርናሽናል ዳኛ መሴ ሚካኤል ንዘለዎ ደረጃ ዳንነት ማለት 'ብሉክ ላይሰንስ' ብምብቃዑ፡ ከምኡ'ውን ኢንተርናሽናል ኮምሽነር ሰለሞን ግርማይ ንዘበጽሖ ዓለምለኻዊ ደረጃ ዳንነት፡ ሃገራዊ ዓወት ኣብ ኲዕሶ ሰኪዐት ብምዃኑ ዝተዳለወሉ መተባብዒ ሽልማት ካብ ኣድ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ተቐቢሎም።



ድሕሪ ናይ መኽፈቲ ጽንብል ንሜዳ ዝወረዳ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ደንደን ምስ ዞባ ዓንሰባ እየን። ደንደን ከኣ 96-ብ39 ክትዕወት እንከላ፡ ዓንደም ኣበበ ካብ ደንደን ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ኩይኑ ተሸሊሙ።

ሰዓብን ንሜዳ ዝወረዳ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ዞባ ደቡብ ምስ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ እየን። ዞባ ደቡብ ከኣ ንመጋጥምተን 39-ብ29 ረቲዐንአን። ኮኾብ የውሃንስ ካብ ዞባ ደቡብ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰይማ። ሰዒቡም ጸወትኦም ዘካየዱ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ዞባ ጋሽ ባርካ ክኾኑ እንከለው፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከኣ 79-ብ34 ተዓዊቶም። ኣሌክሳንደር ኣሊጋ ኸኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ ተሸሊሙ።

ሃገራዊ ውድድር ኲዕሶ ሰኪዐት፡ ብኽልቲኡ ጾታ ክሳዕ 7 መስከረም ክቕጽል ምዃኑ ህዝባዊ ርክባት እቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ደርቢ ምዕራብ ሎንደን ብዓወት ቸልሲ ተዛዚሙ

### ቸልሲ፡ ድሕሪ 2021 ንፈለማ ግዜ ንፕሪመር ሊግ መሪሓቶ

ኣብ መንጎ ቸልስን ፋልሃምን ትማሊ ዝተኻየደ ደርቢ ምዕራብ ሎንደን፡ ብኣኽራኻሪ ናይ ዳኛ ውሳኔ ቸልሲ ተዓዊታ ኽትወጽእ ክኢላ።

ኣብዚ ኣካታዒ ውሳነ ዳኛ ዝተዋህበሉ ግጥም፡ ፈለማ ፋልሃም ኣብ ማእከል 21 ደቒቕ ካብ ወዲ 18 ዓመት ጆሽ ኪንግ ሸቶ ረኺባ። ይኹን እምበር ናይቲ ዕለት ዳኛ ሮበርት ጆንስ ነታ ሸቶ ሰሪዙዋ። ቸልሲ ኸኣ ኣብ ተወሳኺ ሰዓት ጃኦ ፔድሮ ካብ ናይ መኣዝን ቅላዕ ንዝመጸኣቶ ኲዕሶ፡ ብርእሱ ሸቶ ብምቕጻሩ ንዕረፍቲ መሪሕነት ሒዛ ወጺኣ። እዛ ሸቶ ጃኦ ፔድሮ ብ55 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ብራይተን ናብ ቸልሲ ኻብ ዝመጽእ፡ ማእከል ሓሙሽተ ሸቶኡ ኣብ ኩሉ ግጥማት ኩይና ተመዝጊባ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዘካየደኦ ጸወታ፡ ኣብ ማእከል 56 ደቒቕ፡ ዳኛ ድሕሪ ነዊሕ ናይ ቪድዮ ምመያ፡ ተጻዋታይ ፋልሃም ራየን ሰሰኢንዮ ንኲዕሶ ብኢዱ ተንኪፍዋ ብምባል፡ ፋልሃም ክትቅበሎ ዘይከኣለት ፍጹም ቅላዕ ንቸልሲ ሂብዋ። ኢንዞ ፈርናንደዝ ድማ ቀሊዑ ኣመዝጊብዋ። ቸልሲ ድማ 2-ብ0 ተዓዊታ።

ቸልሲ፡ በዚ ዓወት ኣቢላ ሸውዓተ ነጥቢ ብምእካብ ድሕሪ 2021 ንፈለማ ግዜ መሪሕነት ፕሪመር ሊግ ክትሕዝ ክኢላ፣ እዚ ግን ክሳዕ ናይ ሎሚ ጸወታ ዝካየድ'ዩ። ቸልሲ፡ ኣብዚ ግጥም ኣገዳሲ ሰለስተ ነጥቢ ብምሓዙ ንተጻወታ ናብ ኣህጉራዊ ግጥማት ክትሰዶድ'ያ።

ቸልሲ፡ ኣብዚ ግጥም ኣጕዳሲ ዓወት እኳ ተመዝግበ ተጻዋታያ ሊያም ዴላፕ 14 ደቒቕ ድሕሪ ምጽዋት ብመጉዳእቲ ክትክስሮ ተገዲዳ'ያ።

ኣብዚ ናይ ትማሊ ግጥም ሓዳሽ ኣብል ቸልሲ ኣልየሃንድሮ ጋርናቾ፡ ኣብ ስታንፎርድ ብሪጅ ተረኺቡ ነቲ ጸወታ ተዓዚቡ'ዩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፋሚሊ | 31/08/2025 | ጎደና 195፡6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም፡ ጎኒ ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |
| ፋርማሲ ፍረ-ኦውሊዕ | | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |
| ፋርማሲ ገዛ ከኒሻ | | ጎደና ክሳድ ጉዋ 195 ከባቢ 2ይ ደርጃ ቤ/ት ደሳቕ ተወልደመድህን | 08202877 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services